# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.279 | ሓሙስ 23 ሓምለ 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ





ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3

ቺፕስ ምፍራይ ኣገዳሲ'ዩ፣ ግና ኣየናይ ቺፕስ፧

ገጽ 6
ምልክታ

ገጽ 8
ጠንቅታት ወልፍን ሳዕቤናቱን



ገጽ 10



# ፈስቲቫል ኤርትራ 2026 - ዞባ ዓንሰባ ንባህርያዊ ጸጋታት ዘጉልሕ ምርኢት ኣቕሪቡ

ዞባ ዓንሰባ፡ ኣብ ሃገራዊ ፈስቲቫል ኤርትራ 2026፡ ንባህርያዊ ጸጋታት ዘጉልሕ ምርኢት ኣቕሪቡ ከምዘሎ፡ ኣቦ-መንበር ኮሚተ ምርኢት ኣቶ ሓምድ መሓመድ-ሰራጅ ሓቢሩ።

ሎሚ ዓመት ካብ ዝሓለፈ ዓመታት ብዝተፈልየ፡ ባህርያዊ ጸጋታት ማእከል ዝገበረ ትሕዝቶ ቀሪቡ ምህላዉ ብምግላጽ፡ ቀንዲ ዕላማኡ - ገና ዘይተበርበረ ባህርያዊ ጸጋታት ናይ'ቲ ዞባ ንህዝቢ ብምልላይ፡ ብዝዋገብ ኣብ ረብሓ ክውዕሉ ዝኽእል መንገዲ ንምንዳይ ምዃኑ ኣብሪሁ።

ዝዓበየ ተፈጥሮኣዊ ጸጋ ናይ'ቲ ዞባ ዝኾነን ንሓሙሽተ ንኡሳን ዞባታት ዘሰንጥቕን ሩባ ዓንሰባ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ዝጠዘሓ ንኡሳን ዞባታት ዝርከብ ካልእ ባህርያዊ ጸጋታት ብስእሊ ተወኪሉ ምህላዉ ብምብራህ፡ 'ወለት ሓጸይ' ዝተባህለ ብድንቂ ተፈጥሮኣዊ ቅርጹ ዝልለ ዝተሓናገረ ኣኻውሕ ኣብ ንኡስ ዞባ ገለብ፡ ክሳብ 500 ሰባት ዘጽልል ዳዕሮ ዋዕላ ኣብ ደቂ ዓንዱ፣ ኣብ ቀርጸት - ንኡስ ዞባ ሓልሓል ዝርከብ 'ጋብዛ' ዝተባህለ ንህቢ ዝፋረየሉን ብበሉጽ ትሕዝቶ መዓር ዝልለን ተፈጥሮኣዊ ከባቢ፡ ካብ'ቲ ብኸጋድያን ኣድናቖት ረኺቡ ዘሎ ከምዝኾኑ ሓቢሩ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ታሪኽ ኣነባብራን ባህልን ሕብረተሰብ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ኣብ ምስግጋር ዓቢ ኣበርክቶ ዘለዎ ኣፋዊ ያታ፡ እቲ ካልእ ዞባ ዓንሰባ ኣቕሪብዎ ዘሎ ትሕዝቶ'ዩ።

ኣቦ-መንበር ኮሚተ ኣፋዊ ያታ መምህር መሓመድ ዓብደላ፡ ኣፋዊ ያታ - ባህሊ፡ ያታ፡ ልምድን ወግዕን ሕብረተሰብ ብቓል ዝወራረሰሉ ኣካል ስነ-ጥበብ ከምዝኾነን ውጽኢታዊ ምዃኑን ገሊጹ።

እዚ ብመልክዕ ግጥሚ፡ ማሰ፡ ወዘ፡ ጨፈራን ካልእን ዝቐርብ መደብ ብበዓመቱ ኣብ ፈስቲቫል ምቕራቡ ረብሕኡ ዓቢ'ኳ እንተኾነ፡ ንሃብታም ባህልናን መንነትናን ዝገልጽ ኣፋዊ ያታታት ብርክት ዝበለ ብምዃኑ ግዳ፡ ኣብ ካልእ ኣጋጣሚታት ዝቐርበሉ ኩነታት ክፍጠር ከምዘድሊ ኣረዲኡ።


ስእሊ-ሳልሕ ዓብደልቓድር

ዞባ ዓንሰባ ኣብ ሃገራዊ ፈስቲቫል 2026፡ ኣብ ብሄራት ብሊን፡ ትግረን ትግርኛ ዝዘውተር ኣፋዊ ያታ'ዩ ሒዙ ቀሪቡ ዘሎ።

# ዞባ ደቡብ፡ ኣብ ሃገራዊ ፈስቲቫል - ንባህላዊ፡ ሕርሻውን ጥዕናውን መዳያት ዘውክል ትሕዝቶ ኣቕሪቡ

ዞባ ደቡብ ኣብ ናይ ሎሚ ዓመት ሃገራዊ ፈስቲቫል፡ ንባህላዊ፡ ሕርሻውን ጥዕናውን መዳያትን ዝተመዘዘነ ኽኣነን ዘውክል ትሕዝቶ ኣቕሪቡ ከምዘሎ፡ ኣፍሊጦምና ብዝተፈጥረ ሓበርም።

እቲ ትሕዝቶ፡ መጸናዕትን ዳህሳስን ዝተኻየደሉ ባህሊ፡ ወግዕን ኣነባብራን ብሄራት ትግርኛን ሳሆን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ሕርሻዊ ልምዓትን ኣገልግሎት ጥዕናን ዝተገብረ ወፍሪን ውጽኢቱን የጠቓልል።

ካብ ኮሚተ ምርኢት ኣቶ ተኣምራት ከሰተ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ንባህላዊ ዕቃብ ሪሶታት ማለት ሰርዓት ሞምያ ኣብ ጉዳማት፣ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ዝዝርኡ ኣእካልን መብቖላውያን ኣግራብን፣ ንፍረታት ምርባሕ ንዝነበሮ ምዕቃብ ማይን ሓመድን፣ ስፍልጡታዊ ምርምር ሓሸራታት ብሓፈሻ ጣንጡ ደማ ብፍላይ፣ ከምኡ'ውን ንመወከሲ ሆስፒታል መንደፈራን ማእከል ተሃድሶን ሕክምናን ፈልከት ማእከል ዝገበረ ማሳናድኦታት ቀሪቡ ከምዘሎ ገሊጹ።

በጺሑ፡ ዓሚቕ ፍልጠትን መረዳእታን ንኽህልዎም፡ ፍሲ-ወከፍ ቀሪቡ ዘሎ ትሕዝቶ ብሰብ ሞያ መብርሂ ከምዝወሃበሉ ተገይሩ ከምዘሎ'ውን ኣረዲኡ።

ኣቦ-መንበር ኮሚተ ያታዊ መሳብሮን ደኩና ኣባይትን መምህር ታደሰ ገብረትንሳኤ፡ ብወገኑ፡ ካብ ኳይላ ላኻን ዕጸይትን ዝተሰርሐ ያታዊ ንዋት፣ ከምኡ'ውን ወግዕታት ሕጹኖት፡ ምህላላን ቅንጣጠን ዘጠቓልል ዝጭብጦን ዘይጭብጦን ባህላዊ ወርሻታት ቀሪቡ ከምዘሎ ብምሕባር፡ ኣብ ምዕቃብ መንነት ዘለዎ ኣገዳስነት ልዑል ብምዃኑ፡ ከም ፈስቲቫል ዝኣመሰሉ ዕቱብ ስራሕ ከምዘድሊ ኣዘኻኺሩ።


ኣሰልጠንትን ኣለይትን ጉጅለ ያታዊ ትልሂትን መዚቓን ብወገኖም፡ ብመጽናዕቲ ዝተኣከበን ብትልሂትን መዚቓን ዝተሰነየን ደርፍታት ይቐርብ ከምዘሎ ሓቢሮም።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ኣፋዊ ያታ ዝሕቆፍ ማሰ፡ መልቀስ፡ ዓደረን ምህላላን ዘጠቓልል ወግዕታት ብሄረ ትግርኛን ሳሆን፡ ኣካል ናይ'ቲ ዝቐርብ ዘሎ መደባት'ዩ።



ስእሊ-ሳልሕ ዓብደልቓድር

## ተጋዳላይ ሚኒስተር ሰመረ ርእሶም ተሰዊኡ



ገዲም ተጋዳላይን ምኩር ዲፕሎማሰኛን ሚኒስተር ሰመረ ርእሶም፡ ብ21 ሓምለ ኣብ መበል 83 ዓመት ዕድመኡ፡ ኣብ ኣስመራ ብሕማም ተሰዊኡ።

ኣብ 1976 ኣብ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈ ተጋዳላይ ሰመረ፡ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ካብ 1976 ክሳብ 1991 ኣብ ክፍሊ ህዝባዊ ምምሕዳር፡ ወኪል ወጻኢ ጉዳያት፡ ከምኡ'ውን ሓላፊ ክፍሊ ስለያን ጸጥታን ኣብ ሱዳን፣ ድሕሪ ናጽነት ድማ ካብ 1991 ክሳብ 1992 ቀዳማይ ጸሓፊ ግዝያዊ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ሱዳን፡ ካብ 1993 ክሳብ 1996 ኣብ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ሓላፊ ጠረጴዛ ኣመሪካ፡ ካብ 1997 ክሳብ 2003 ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ካብ 2003 ክሳብ 2006 ኣመሓዳሪ ዞባ ማእከል፡ ካብ 2007 ክሳብ 2018 ሚኒስተር ትምህርቲ፡ ከምኡ'ውን ካብ 2018 ክሳብ 2025 ሚኒስተር ትምህርትን ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ኢትዮጵያን ብምዃን ንሃገሩን ህዝቡን ብልዑል ተወፋይነት ዘገልገለ ሓርበኛ'ዩ።

ስውእ ሚኒስተር ሰመረ ርእሶም፡ ብዓል ሓዳርን ኣቦ 5 ደቅን'ዩ።

ስነ-ስርዓት ቀብሩ ድማ፡ ዓርቢ 24 ሓምለ ሰዓት 10፡00 ቅድሚ-ቐትሪ ኣብ መካነ-መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ክፍጸም'ዩ።

# ርእይቶ

## ሕማም ባሕሪ
## ጠንቂ ውድቀት፡ ድሕረትን ድኽነትን

ሰላም ኣርኣያዶም

ብ02 ታሕሳስ 1950፡ ሕቡራት ሃገራት፡ ውሳኔ ፈደረሽን ኣብ ዘጽደቐሉ፡ ጸሓፊ ጉዳያት ወጻኢ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዝነበረ ጆን ፎስተር ዳለስ፥

"ብዓይኒ ፍትሒ ርእይቶ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ግምት ክኣቱ ይግባእ ነይሩ፡፡ እንተኾነ ግን፡ ስትራተጂያዊ ረብሓና ኣብ ቀይሕ ባሕርን ማእከላይ ምብራቕን፡ ከምኡ'ውን ዓለማዊ ሰላምን ጸጥታን፡ እታ ሃገር ምስታ መሓዛና ዝኾነት ኢትዮጵያ ክትቀርን ግድን ገይሩዎ ኣሎ፡፡"

ብኣንጻሩ መግለጺ ጆን ፎስተር ዳለስ፡ መጻኢ ዕድል ህዝቢ ኤርትራ ንምውሳን ኣብ ሕቡራት ሃገራት ዘተ ኣብ ዝካየደሉ ዝነበረ መፋርቕ ዝሓለፈ ዘመን፡ ኣቦና ሸኽ ኢብራሂም ሱልጣን፡ ንሓፈሻዊ ባይቶ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ዘስምዕዎ ቃል፡ "ማሰል ናጽነት ህዝቢ ኤርትራ እንተዘይተኸቢሩ፡ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ፍጹም ሰላም ኣይክረጋገጽን እዩ" ኢሎም ነይሮም፡፡

ብርግጽ ድማ፡ ምጉሳይ ማሰል ናጽነት ህዝቢ ኤርትራ፣ ንዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ሰላም ኣይሃበን፡፡ ንህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣየርብሖምን፡፡ ንዓለማዊ ሰላምን ጸጥታን ኣየገልገለን፡፡ ንኢትዮጵያ ድማ ዘይናታ ኣፍደገ ባሕሪ ከውሕሳ ኣይከኣለን፡፡ ሳዕቤኑ ዘሕዝን ናይ ህልቂትን ዕንወትን ታሪኽ እዩ ኮይኑ፡፡

ከም ኩለን ግዙኣት ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ኤርትራ ማሰል ናጽነታ፡ ከሎ ግና ተኸቢሩ ነይሩ እንተዝኸውን ግን፡ ብኣንጻሩ'ቲ ዘጋጠመ ከቢድ ዕንወትን ክሰራን፡ ታሪኽ ቀርኒ ኣፍሪቃ ካልእ መልክዕ ምሓዘ፡፡ ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝኸፈልዎ ከቢድ ዋጋ ኣምባይ ምኸፈሉን፡፡ ንዱዓት መንግስታት እንተረኺቦም ድማ፡ ኣብ ትሕቲ ሰላማውን ቅሱንን ሃዋህው ዘለዎም ጸጋታት ባሕርን መሬትን ተመላሊኦም ዝበለጸ ኹነታት ምዕባለን ክፈጥሩ ምኸኣሉ፡፡

ከም ዝፍለጥ ውሳኔ ፈደረሽን ከምኡ'ውን እቲ ሰዒቡ ዝተፈጸመ ዘይሕጋዊ ገበጣ ኤርትራ፡ ምዕራባውያን ኣውራ ድማ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ነታ ኣብ ምብራቕ ኣፍሪቃ መልሕቕ ክትከውን ዝሓረይዋ ሃገር፡ ንስትራተጂያዊ መሬት ኤርትራን ምዕራባዊ ገማግም ቀይሕ ባሕርን ወሲኻ፡ ዓባይን ሓያልን ሃገር ብምግባር ንረብሓታቶም ብዝበለጸ ክትክድም ብምሕሳብ እዩ ነይሩ፡፡ እንተኾነ ዘይተረድኡዎ ሓደ ሓቂ ነይሩ፡፡ ርሱ'ቲ እንዳማቱ ገቲቱ ሰላምን ምርግጋእን ክረጋገጽ ቀሰኑ ክኩብልልን ብቐዕ ኣገልግሎ ክኸውንን ዝኽእል የልቦን፡፡ ብዮሁበራ ከኣ ተረጋጊጹ፡፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ነቲ ዓሎቕ ኣይተቐበሎን፡፡ ማሰል ርእሰ ውሳኔኡ ብጉዱእ ቅልጽሙ ከረጋግጽ ብረቱ ኣልዒሉ፡፡ ጉዳእቲ ኢትዮጵያ ብወገናዊ መጋበርያ ናይዚ ግሎባዊ ስትራተጂዚ ብምኻኑ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ብፈጠራዊ ታሪኽ እናገንዩ ኣብ ነዊሕን ደማዊን ኩናት ሸሚሞሞ፡፡ ናጽነት ኤርትራ ምስ ምብታኽ ክሳድ ኢትዮጵያ እናገጸሩ፡ ብኣገባብ ሰግኣት ህዝቢ እናረሰሱ፡ ብዙሓዝን ህይወትን ህዝቢ ኢትዮጵያ ተቓሚሮም፡፡

ኣብ መወዳእታ፡ ዘይናትካ ኣይናትካን'ዩ፡፡ ህዝቢ ኤርትራ ብኣዝዩ ክቡር መስዋእቲ ዝተኸፍለ ማሰል ብምዕታር፡ ብጉዱእ ቅልጽሙ ኣኽሊል ናጽነቱ ደፊኡ፡፡ እዞም ተኸታተልቲ ስርዓታት ኢትዮጵያ ከኣ ክሳብ ሓደ ሚልዮን ዝጽሕ ወተሃደር ኢትዮጵያ፡ ንኸንቱ ኣህሊቖም፡ ንኢትዮጵያ ኣብ ዝቖቱ ድኽነትን ድሕረትን ዕፃን ፅንድዳን ኣጥሒሎም፡ መጨረሽታኡ ብሰንኪ ጉዳይ ኤርትራ፡ ብፍላይ ድማ ብሰንኪ ሕማም ባሕሪ ብዙራ ናብ ጉሓፍ ታሪኽ ተደርብዮም፡፡

"ዓሻ ዝተኸሎ ለባም ነይነቕሎ" ከም ዝበሃል፡ እዚ ንግሎባዊ ስትራተጂ ርእሰ ሓያል ኣመሪካ ከገልግል ተባሂሉ ብዙተሰነዐ ጸወጸዋያዊ ታሪኽ ተደጊፉ ኣብ ኣእምሮ ጉዱኣት ኢትዮጵያ ዝሰረጸ ናይ ምስፍሕፋሕ ሕማም፡ ኣብ ታሪኽ መመለሱ እናደጋገሰ ጠንቂ ሞት ስርዓታት ኢትዮጵያን ከለንተናዊ ድሕረትን ድኽነትን ሃገረ ኢትዮጵያን ክኸውን ምጽንሑ ዘሐዝን እዩ፡ ለዋጽ ማሰልቲ ኣምሓሩ፡ "የቁጡን ኣወርድ ብላ የብብቷን ጣለች" ይብሉ፡፡ "ኣብ ሰንቀ ዘሎ ከተውርድ ኣብ ቱሽቱሻ ዘሎ ኣውደቐት" ዝዓይነቱ ክሳራ እዩ፡፡

ወሩይ ኢትዮጵያዊ ደራሲ በዓሉ ግርማ፡ ንተሞኩሮ ስርዓታት ሃይለስላሰን ደርግን ድሕሪ ምፅዛቡ ኣብታ "ኦሮማይ" ዝርእስታ መጽሓፉ፡ ንኢትዮጵያውያን ሓደ ዓቢ ምኽሪ ለጊሱ ነይሩ፡፡ ኣብታ መጽሓፍ፡ እቲ ቀንዲ ገጸባህርዩ፡ "ጸገረዳ ማእከል ሃገር" ኢሉ ዝጽውዓ ብኹሉ እንትንእ እተወናውን ሕጽይቲ (ሮማን) እናሃለወቶ፡ ሃሙን ቀልቡን ምስታ "ሰሜናዊት ኮኾብ" ኢሉ ዝሰመያ ካልእ ጓል ሄዋን (ፈያሜታ) ተዓዚሩ፡ ኣብ መወዳእታ ንክልቲኣን ክኸስረን እንከሎ ኢና እንንብብ፡ "ኩሉ ዝብህግ ኣብ መወዳእታ ኩሉ ይስእን" ብዝብል ደምዳሚ ሓረግ ድማ፡ መሪሕነቲ ኢትዮጵያ፡ ካብቲ ጠንቂ ኩሉ መዲያዊ ውድቀት ሃገረ ኢትዮጵያ ዝኾነ ማስፋሕፋሒ ሕልሚ ክበራበሩ መኸሩ ነይሩ፡፡

እንተኾነ፡ ሕማቕ ታሪኻዊ ኣጋጣሚ ኮይኑ፡ ድሕሪ'ቲ ውድቀት ሃይለስላሰን ደርግን እውን፡ ምዕራባውያን "ናጽነት ኤርትራ ንስትራተጂያዊ ረብሓና ኣየገልግልን'ዩ" ዝብል መርገጽኦም ኣይቀየሩን፡፡ ብኣገባብ ንቕጽና፡ ዳግማይ ልኡላውነት ኤርትራ ንምቕልባስ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ወራራት ክካየድ ደሪኾምን መዊሎምን፣ ንኤርትራን ህዝባን ብቁጠባዊ እገዳ ብዲፕሎማሲያዊ ተጻእሎን ጸጥታዊ ሸርሒን ንምንብርካኽ ዕቱዋት ተረባሪቦም፡፡ ግን ኣይተኻእለን፡፡

ድሕሪዚ ኩሉ ተመኩሮታት፡ ኣብ 2018፡ ኣብ ኢትዮጵያ ናይ ስርዓት ለውጢ መጺኡ ምስ ተባህለ እውን እንተኾነ፡ እቲ ኣብ ስልጣን ዝመጸ ናይ ውሑዳን ጉጅለ፡ ካብ ትጽቢት ብዙሓት ወጻኢ፡ ሕማም ቀዳሞቱ፡ ጎንፊ ባሕሪ ክደግሞ ግዜ ኣይወሰደን፡፡ ብሰለስተ ቀንዲ ምኽንያታት፥

እቲ ቀንዲ ምኽንያት፡ "ካብ ፖርት ሱዳን ክሳብ ዳርኤሰላም ዘሎ ምዕራባዊ ገማግም ቀይሕ ባሕርን ህንዳዊ ውቅያኖስን ተቘጻጺርና፡ ሃጸያት ናይ ወደባት ክንከውን ኢና፡" ብዝብል ፋንታዝያ ዝሰኸሩ ሓይሰቲ ጉባልል ዞባ፡ ብቁሩብ ቁሪብ ዶላራት ዓሰቦም ዝበቱዎ ዘይሰምር ተልእኾ ንምፍጻም እዩ፡፡ ብካልኣይ ደረጃ፡ እቲ ጉጅለ ኣጋጢሙዎ ካብ ዘሎ ናይ ውሽጢ ተቓውሞታት ንምህዳእ፡ ዛዕባ ካብ ውሽጢ ንግዳም ንምቕናዕ እንተጠቕሞ እዩ፡፡ ከም ሳልሳይ ኣብ ሕሳብ ዝኣተወ ጥቕሚ ከኣ እቲ ስርዓት ዝኸተሎ ጸቢብ ዓሌታውን ትሕተ-ሃገራውን ፖለቲካ ብምሽፋን፡ ሃገራዊ ዛዕባ ዝሓዘ መሰሉ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ንምምሳጥን ሓቀኛ መንነቱ ንምኽዋልን እዩ፡፡

### ሕርያ ህዝብታት

ሎሚ፡ ህዝብታት ዞባና፡ ሕሉፍ ታሪኽ ዝኣክል ስለ ዝመሃሮም ኾፊሎም እዮም፡፡ ብፍላይ ህዝቢ ኢትዮጵያ፡ ድሕሪ'ቲ ኩሉ ዝኸፈሎ ከቢድ ዋጋን ዝኸሰሮ ግዜን ዕድላትን ንልቦናኡ ዝያዳ ልቦና ደሪዑሉ እዩ፡፡ በዚ ምኽንያት መኻሪ እውን ኣየድለዮን፡፡ ዕሸል ስርዓት ብልጽግና ዛዕባ ካብ ውሽጢ ናብ ግዳም ንምቕናዕ ዘልዓሎ ጉዳይ ባሕሪ፡ ፍሽኽ ኣብሉዎ እምበር፡ ቁም ነገር ወሲዱ እኳ ኣይሃቦን፡፡

ብዓብኡ ግን ሕርያ ህዝብታት ዞባና ኣብ ሓደ ዓውዲ እናዓሰለ እዩ ዝመጽእ ዘሎ፡፡ "ድሕሪ ደጊም ደም ምፍሳስ ይኣኽለና፣ ሰላማዊ ጽምዶ'ዩ ሕርያና! ብፀቢብ ፖለቲካ ኣይንፍቖትን! ብዘይክውን ባህግታትን ሕልምታትን ኣይንህወትትን፣ ንሓይልታት ግዳም ኣይንኽደምን!" እናበሉ፡ ህዝብታት ቀርኒ ኣፍሪቃ ብኹሉ ሸነኻት መኸተኦም ኣተርኒዮም ኣለዉ፡፡ በዚ ድማ፡ ሓጸርቲ ዝወቕቱ ምሕቋን ሰገርን፣ ሕርያ ሰላም ህዝብታት ቀርኒ ኣፍሪቃ ተዓዊቱ ምኻኑ ከም ጸሓይ ቀትሪ ደሙቕ ኮይኑ ኣሎ፡፡ እቲ ብሰንኪ ስሱዕን ካሕዳይን ባርያቱ፡ ባህጊን ድሌትን ህዝቢ ኢትዮጵያ ጠሊሙ፡ ብቑንጣሮ ትካቡ ጊላ ናይ ግዳም ሓይልታት ክኸውን ዝመረጸ ጉጅለ ከኣ፡ ብኹሎም ህዝብታት ኢትዮጵያን ከጠናን ተፈንፊኑ፡ ነዊሕ ኣብ ዘይከዶ ግዜ፡ ኣሰር ዝሓለፉ ስርዓታት ክስዕብ ደሮ ኣብ ጉምጉም ይርከብ፡፡

---

## ዜና
## ጎልጅ - ማሕበር ሓርበኛታት ሰንኩላን ንምድልዳል ኣስተምህሮ ተዋሂቡ

ቤት-ጽሕፈት ሃገራዊ ማሕበር ሓርበኛታት ሰንኩላን ኩናት ኣብ ንኡስ ዞባ ጎልጅ፡ ውዳበታቱ ብምድልዳል ኣፍራይነት ኣባላት ክብ ንምባል ዝሕግዝ ኣስተምህሮ ወሃበ፡፡

ሓላፊ ጨንፈር ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣቶ ተስፋልደት መብራህቱ፡ ኣብ ዝሓለፉ ሓበሬታ፡ ሓርበኛታት ሰንኩላን ብቑጠባ ኑብሶም ንክኽእሉን ጥዕናኦም ንኽውሕስን ማሕበር ዘድሊ ደገፍ ከም ዘበርከተ ኣረድኡ፡፡

ንኡስ ዞባ ጎልጅ - ኣብ ክረምታዊ ሕርሻ፡ ሃብቲ ጥሪትን ንግድን ሰፊሕ ዕድላት ዘርከበ ብምዃኑ፡ ሰንኩላን ብዘለዎም ዓቕሚ ነቲ ዕድላት ብምዝማእ ተጠቒሞም መነባብሮኦም ከመሓይሹ ክጽዕሩ ተላቢዩ፡፡

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ጎልጅ ኣቶ ደሴ ገብረሚካኤል ብወገኑ፡ ኣካላዊ ሰንክልና ዘለዎም ዜጋታት ብዓቕሞም ኣፍሪዮም ንምቕያር ዘኽእሎም ባይታ ስለዘሎ፡ ብወገን ምምሕዳር ምድግጋፍ ከም ዝግበረሎም ኣረጋገጸ፡፡

ተሳተፍቲ ኣብ መወዳእታ፡ ብኣባላት ዝካየድ ናይ ሕርሻ መሬት ክወሃቦም፣ ኣገልግሎት ልቓሕ ክቐጽልን ክሰፍሕን፡ ኣብ መንግስታውያንን ብሕታውያንን ትካላትን ፕሮጀክትታትን ኣብ ዝህሉ ናይ ስራሕ ዕድላት፡ ንሰንኩላን ቀዳምነት ክወሃብ ዝብል ለበዋታት ኣቕረቡ፡፡






ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284

# ቁጠባን ዋኒንን

ተሰፊት ሓጐስ

## ቺፕስ ምፍራይ ኣገዳሲ'ዩ፣ ግና ኣየናይ ቺፕስ፧

ኣብ ቁጠባ ኣገደስቲ ካብ ዝኾኑ ዕማማት ሓደ ምፍራይ (ፕሮዳክሽን) እዩ። ምፍራይ ክበሃል እንከሎ ድማ ንምፍራይ ኣቑሑን ኣገልግሎታትን ይምልከት። ኣቑሑ ክበሃል እንከሎ'ውን ዝተፈላለየ ምኽንያት ዝሰላት ኣይኮነን። ገሊኡ ኣቕሓ ንምፍራዩ ዘድሊ ተክኖሎጂ ንኽትመልኮ ቀሊል ወይ ዘጸግም፡ እቲ ንድፉ'ውን ንኽትርድኦ ዘሸግር'ዩ። ገሊኡ ግና ብዘተክኖሎጂ ይኹን ንድፌ ዝተራቐቐ ፍልጠትን ክእለትን ዝሓትት ይኾውን። ንኣብነት 'ቺፕስ' ትብል ናይ እንግሊዘኛ ቃል ብምልፋን ዝገልጸ ክልተ ፍርያት ንወሰድ። ሓንቲ ናይ 'ድንሽ ቺፕስ' ክትከውን እንከላ እታ ካልኣይቲ ድማ ናይ 'ኮምፕዩተር ቺፕስ' እያ። ዝን ክልተ ፍርያት ንምፍራይ ዝጥለብ ናይ ተክኖሎጅን ንድፍን ርቀት ምስ ንርኢ ግና ከብድን ሓቅን እዩ እንተተባህለ ምግናን ኣይኮነን።

ብዘኾነ ናይ ምፍራይ ዕማም ዝጥለብ መሰረታውያን ጸጋታት ኣለዉ። ንሳተን ከኣ መሬት፡ ርእሰማል (ህንጻ፡ ማሽናትን መሳልሒን)፡ ጉልበትን ዋኒነኛን እየን። ናይ ሓባር ስም ናይዘን ጸጋታት ድማ ናወቲ ማእቶት (ፋክተርስ ኦፍ ፕሮዳክሽን) ወይ እታው (ኢንፑት) ዝብል'ዩ። ስለዚ፡ ዝኾነ ነገር ክፍሪ ዝደሊ ሰብ ዝን ጸጋታት ከውሕሰን ወይ ዘውሕሰሉ ኣገባብ ክህልዎ ግድን ይኾውን። ዝን ጸጋታት ምስተን ኣቐዲመን ዝተጠቕሳ ክልተ ፍርያት ብምንጽጻር ምርኣየን ድማ ጠቓሚ'ዩ።

ናይ ድንሽ ቺፕስ ንክተፍሪ ዘድሊ ርእሰማልን ሞያዊ ክእለትን ቀልል ዝበለ'ዩ። ነቲ ከም ጥረ-ነገር ትጥቀመሉ ድንሽ ናብ ቺፕስ ንምቕያሩ ዘድሊ ማስርሒ'ውን ከምኡ ቀልል ዝበለ'ዩ። ክንዲ ዝኾነ ከኣ ኣብ ኣገልግሎት መግቢ ዝጥፍኡ ትካላት ኩዱልውኦ ዘጸግመን ኣይኮነን። ስድራቤታት'ውን እንተውሓደ ኣብ እዋን ውራይ የዳልውኦ እየን። እዚ ከኣ ምፍራይ ናይ ድንሽ ቺፕስ ከም ዋኒን ምስ ዝርአ ንምጅንያሩ ዘጸግም ምኽንያት ዘመልክት'ዩ። ብመንጽር ምድላብ ክብሪ ምስ ዝርአ'ውን ንድንሽ ናብ ቺፕስ ኣብ ምቕያር ዝድመር ክብሪ ትሑት ምኽንያት ይፍለጥ። እዚ ከኣ ምፍራይ ናይ ድንሽ ቺፕስ ከም ዋኒን ክርአ እንከሎ መኽሰቡ ድሩት ይገብሮ። በቲ ኣብ ምድላብ ሸርፌ ወጻኢ ኣገዳሲ ዝኾነ ናይ ሰደድ ንጥፈት ምስ ዝርአ ድማ ኣብርክቶኡ ዘይት ኣይከውንን። ብመንጽር ዕዮን እቶትን ክርአ እንከሎ'ውን ኣብ ምፍራይ ናይ ድንሽ ቺፕስ ዝሰርሕ ሰብ ዝኽፈሎ ደሞዝ ትሑት'ዩ። እዚ ከኣ ምስቲ ዘውንዮ ትምህርታውን ሞያውን ደረጃ ተዛሚዱ ስለዘውሰነ'ዩ። ፋይዳ ናይቲ ኣብዚ ዕዮ ዝዋፈር ካልእ እታው (መሬት፡ ርእሰማልን ዋኒናዊ ክእለትን) እውን እንተኾነ ዝለዓለ ከምዘይኮነ ይፍለጥ። ስለዚ፡ ናይ ሓንቲ ሃገር ቁጠባ ኣብ ምፍራይ ናይ ድንሽ ቺፕስ ዝምርኮስ እንተኾነ ጾ ይምረጽ ወይስ ኣብ ካልእ ዓይነት ቺፕስ ዝብል ሕቶ ክለዓልን ምላሽ ክረኽብን ኣገዳሲ'ዩ።

ካልእ ዓይነት ቺፕስ ክበሃል እንከሎ ብቐንዱ ናይ ኮምፕዩተር ቺፕስ እዩ። ንምንጽጻር ምእንቲ ክጥዕም ከኣ ንሱ ናይ ምፍራይ ዕማም ዝኽተሎ ማስርሒ ዝጠልቦ ጸጋታት ዝርከቦ ፋይዳን ምድህሳስ ኣገዳሲ'ዩ። ልዑል-ተክኖሎጂ ዘለዎ፡ ዘመናዊ ናይ ዝበሃል ኩሉ ዓይነት ኣቕሓ ኣእምሮ ብምኽንያት ጉልበት ዝሁብ 'ሰሚኮንዳክተር' እዩ። እዚ ፍርያት፡ ኮምፕዩተር ቺፕስ፡ 'ማይክሮቺፕስ' ወይ'ውን 'ኢንተግሬተድ ሰርኪት' ተባሂሉ 'ውን ይጽዋዕ'ዩ። እዚ ካብ ጸጉሪ ርእሲ ብኸንዲ 2 ሽሕ ዝቐጥኑ ኣካላት ዘለዎ ፍርያት፡ ኣብዚ ኣብ ተክኖሎጂ ዝምርኮስ ቁጠባ ልክዕ ከም ነዳዲ፡ ጋዝ ወይ ሕመት'ዩ። ብዘይ ማይክሮቺፕስ ኩሉ ዘመናዊ ዝበሃል ፍርያት ማለት ከም ተንቀሳቓሲት ተለፎን፡ ኮምፕዩተራት፡ ነፈርቲ፡ ባቡራት፡ 'ሰርቨራት'፡ 'ታብሌት'፡ መካይን፡ ናይ ንፋስ ተርባይናት፡ ሰራሕ ትርግታ (ፕይስመይከር) ዋላ'ውን ደስቲ መብሰሊ ሩዝ (ኩከር) ክሰርሕ ኣይክእልን እዩ። ብዘይ ሰሚኮንዳክተር፡ ኢንተርነት፡ ናይ መራኸቢታት መርበብ ከምኡ'ውን ማእከላት ጸዓት ኣይምሃለወን ነይሩ።

ኣብ መዳይ ውትህድርና'ውን እንተኾነ ሰሚኮንዳክተር ተራኡ ኣዝዩ ወሳኒ'ዩ። ብደረጃ ዓለም ንዕዳጋ ካብ ዝቐርብ ሰሚኮንዳክተር እቲ ብናይ ውትህድርና ኢንዱስትሪ ዝዕደግ መጠን ኣዝዩ ንኡስ'ኳ እንተኾነ ብኣገዳስነቱ ግን ወሳኒ'ዩ። ምኽንያቱ ናይ ውግእ ነፈርቲ፡ ሳብማሪናትን ሙተካሲ ሚሳይላትን ብማይክሮቺፕስ ዝተደፍደፈ ፍርያት'ዩ። "ኣብ ናይ ማይክሮቺፕስ ተክኖሎጂ ልዕልናኻ ከተረጋግጽ ምኽኣል ኣብ መጻኢ ንዘኽሰት ግርጭት ንምግታእ ወይ'ውን ንምዕዋት ወሳኒ'ዩ" ይብል ምክትል ሚኒስተር ምክልኻል ኣመሪካ ዝነበረ ማይክል ግሪፊን። ቻይና ኣብ ሰሚኮንዳክተር ዘለዋ ክእለት ካብ ናይ ኣመሪካ ዝበለጸ ምስ ዝኾውን ድማ ኣመሪካ ኣብ ወተሃደራዊ ዓውዲ ዝነበራ ልዕልና ክትስእኖ ዝኾውን'ዩ።

ብሓፈሻ፡ ኣብ ሰሚኮንዳክተር ዝምርኮስ ፍርያት እናበዝሐ ይኸይድ ምስ ምህላው እዚ ናይ ማይክሮቺፕስ ጽዓት ኣብ ዓለምለኻዊ መድረኽ ዝህልዎ ጽልዋ ግዙፍ ከምዝኾውን ዘመልክት'ዩ። ናይዚ ጽዓት ገምጋሚ ዓመታዊ ሽያጥ ድማ 600 ቢልዮን ዶላር ኣመሪካ ኣቢሉ በጺሑ ኣሎ። እዚ መጠን ከኣ ካብ ናይ ሽወደን፡ ኣየርላንድ ወይ እስራኤል ጃምላ ሃገራዊ ፍርያት ዝዓቢ ምኽኑ ይግለጽ። ኣብ ዝመጽእ ዕቑድ፡ ናይዚ ጽዓት መጠን ዕብየት ብኽልተ ኣሃዝ ዝግለጽ ከምዝኾውን'ውን ይግመት። መጻኢ ዓለምለኻዊ ቁጠባ፡ ኢንተርነት ኣብ ዝጥቀሙ ነገራት፡ ኣብ ቆፎ ተለፎን ከምኡ'ውን ልዑል ቅልጣፈ ኣብ ዘለዎ መራኸቢታት ዝምርኮስ ከምዝኾውን እዩ ዝግለጽ። እዚ ከኣ ግዙፍ ኣህሳኺ ናይ ኮምፕዩተር ቺፕስ ዝኾውን ቁጠባ'ዩ። ስለዚ፡ ኣዝዩ ምዕቡል ናይ ዝኾነ ሰሚኮንዳክተር ተክኖሎጅን ኣገባብ ምፍራይን ትቆጻጸርን ትመልኽን ሃገር፡ ግዙፍ ቁጠባውን ፖለቲካውን ሓይሊ ከምዝህልዋ ዘጠራጥር ኣይኮነን።

እዚ ኢንዱስትሪ ኣብ 1950ታት፡ ኣመሪካ ንሕብረት ሶቭየት ክትብድሃ ኣብ ዝጀመረትሉ እዋን ንዝዓቢ ዝበረ ወተሃደራዊ ጠለብታ ንምምላእ ዝጀመረ ምኽኑ ይግለጽ። መንቀሊ ናይቲ ክሰዕ ሕጂ ዝጸንሐ ዓብላሊ ብልጫ ኣመሪካ ድማ እዚ'ዩ። ሎሚ ግና እታ ከም መፈጠር ናይዚ ኢንዱስትሪ ትግለጽ ኣመሪካ ነቲ ዝጸንሓ ብልጫ ክትዕቅብ ዘኽእል ቁመና ከምዝኸደላ ርኡይ ኮይኑ ኣሎ። ኣመሪካ'ውን እንተኾነ በዚ ኣብሉ ንዝመጽእ ስግኣት ኣቕሊላ ዘይትርእዮ ምኽንና ድሮ በሪሁ ኣሎ። ነታ ኣብዚ እዋንን ኣብዚ ዓውድን ከም ቀንዲ ስግኣት ትርኢያ ቻይና ካብዚ ተክኖሎጅን ኣገባብ ምፍራዩን ንምድራታ ዝተፈላለየ ስጉምትታት ትወስድ ኣላ። ሓደ ካብኡ ንቻይና ዝግበር ናይ ተክኖሎጂ ሰደድ ደው ምባል'ዩ። እዚ ውሳነ ክንዲ ምንታይ ዕውት ይኾውን ቀስ ኢልካ ዝርኣ'ኳ እንተኾነ ተግባራዊ ንምግባሩ ዘኽእል ብልጫ ከምዘለዋ ምፍላጥ ግና ጠቓሚ'ዩ።

ሓንቲ ቺፕ ቅድሚ ምፍራያ ትሓልፈን ሰለስተ መድረኻት ኣለዋ። ንሳተን ከኣ ንድፊ ናይ ማይክሮቺፕ ንምድላው ዝሕግዝ ሶፍትዌር ምስራሕ፣ ነቲ ሶፍትዌር ተጠቒምካ ናይ ሰሚኮንዳክተራት ንድፊ ምድላው፣ ናይ ኮምፕዩተር ቺፕ ንምፍራይን ንምፍታንን ዘኽእል ናውቲ ምፍራይ እየን።


እታ ፈላሚት መድረኽ ነቲ ሰሚኮንዳክተርን ኣገባብ ምፍራዩን ዝገልጽ ንድፊ ንምድላው ዘኽእል 'ሶፍትዌር' ምምዕባል'ያ። ሰለስተ ኣመሪካ ዝመስረተን ዋኒናት ድማ ኣብ'ዚ መድረኽ ይዕብልላኦ። እዘን ካደንስ ዲዛይን ሲስተምስ፡ ሲኖፕሲየስ ከምኡ'ውን መንቶር ግራፊክስ ዝተባህላ ኩባንያታት 85 ሚእታዊት ናይዚ ዕዳጋ ይብሕትኦ። ዚ ኢንዱስትሪ ብዕምቈት ዝፈልጡ ሰባት ድማ እዚኣን ዘይትክኣ ኩባንያታት ምኽኣን ይገልጹ። ዳርጋ ብምሉኡ ኣብዚ ዓለም ዘፈሪ ሰሚኮንዳክተር ብሶፍትዌር ናይ ሓንቲኣን ኩባንያ ይዳሎ። ኣዝዩ ንዝተራቐቐ ንድፊ ወህድን ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ዝዩ ኣማራጺን ናይ ምቕራብ ብቕዓት ዘለዎ ሶፍትዌር ዝቕርባ ካደንስ ዲዛይን ሲስተምስን ሲኖፕሲስን ጥራይ እየን። መንቶር ግራፊክስ ድማ ዝበለጸ ዝተፈልየ መተዓጸዪ (ባክ-ኢንድ) ከምዘለዎ ደገፍቲ ይገልጹ። ኣመሪካ ድማ ኣብዘን ኩባንያታት ሕጊ ብምጽናዕ ንቻይና ካብዚ መድረኽ ክትግልላ ባይታ ኣለዋ።


እታ ካልኣይ መድረኽ ምድላው ንድፊ ናይቲ ቺፕ እያ። ኣብዚ መዳይ ዑብላሊ ቦታ ዘለወን ኩባንያታት'ውን እንተኾና ብናይ ኣመሪካ ሕጊ ዝግዘኣ እየን። ኣብዚ መድረኽ ዝዩ መሃንደሳት ብሶፍትዌር ናይ ካደንስ ዲዛይን ሲስተምስ፡ ሲኖፕሲስን መንቶር ግራፊክስን ኣብሎም ዝርዝራዊ ንድፊ ናይ ኩሉ ኣካላት ናይቲ ማይክሮቺፕ ከምኡ'ውን ነተን ኣፍረይቲ ዝኾውን መምርሒ የዳልዉ። 90 ሚእታዊት ናይዚ ንድፊ ድማ ኣርም ብእትበሃል ናይ እንግሊዝ ኩባንያ ይዳሎ። ኣርም፡ ብኣመሪካ ንዘወጸእ ናይ ሰደድ ገደብ ወይ ቁጽጽር ሽለል ዘይትብልን ንዕኡ ኣብ ግምት ኣእቲያ ትሰርሕን ኩባንያ እያ። ህላወ ናይዛ ኩባንያ ኣብ ኣመሪካ ግሉሕ ብምኻኑ ድማ ንሕግታት ኣመሪካ ምእዝዛዝ'ያ። ድሕሪ ኣርም ዝሰርዓ ዓበይቲ ኩባንያታት ናይዚ ዕዳጋ ድማ ኳልኮም ከምኡ'ውን ብሮድኮም ኮይነን ክልቲኣን ኣመሪካውያን እየን።

ምድላው ንድፊ ናይ ማይክሮቺፕ ምስ ተዛዘመ ዝስዕብ ድማ ነተን ኣፍረይቲ ዘድሊ ዝተራቐቐ ኢንዱስትርያዊ ናውቲ ምዕጣቕ'ዩ። ዕዳጋ ናይዚ ኣብ ምፍራይ ሰሚኮንዳክተር ዘድሊ ናውቲ'ውን እንተኾነ ዳርጋ ፍርቂ 'ኣፕላይድ ማተርያልስ፡ 'ላም ሪሰርች' (Lam Research) ከምኡ'ውን ኬኤልኤ-ተንኮር (KLA-Tencor) ብዝተባህላ ኣመሪካውያን ኩባንያታት ዝተባሕተ'ዩ። እቲ ዝተረፈ ሓደ ሰሶ ድማ ኤኤስኤምኤል (AMSL) ብዝተባህለት ናይ ዝርላንደስ ኩባንያን 'ቶክዮ ኢለክትሮን' ብዝተባህለት ናይ ጃፓን ኩባንያን እዩ ዝፈሪ። ኣመሪካ ትጉብሮ ናይ ሰደድ ገደብ ከኽብሩ ግዴታ ዘለወን ኣመሪካውያን ኩባንያታት ጥራይ ስለዘይኮና፡ እዘን ናይ ካልእ ሃገር ኩባንያታት ግዴታ ዘይብለን ክመስል ይኽእል'ዩ። እተን ኩባንያታት ግና ኣመሪካ ነቲ ንሳ ዝወሰኖ ውሳኔ ከኽብርኦ ልዑል ጸቕጢ ከምትገብረለን ጸቡቕ ገይረን ዝፈልጣ እየን።

ኣብ መስርሕ ምፍራይ ናይ ሰሚኮንዳክተር ዘሎ ክወል ግን ከኣ ወሳኒ ዝኾነ ተክኒካዊ መስርሓት'ውን ኣሎ። ኣስታት 80 ሚእታዊት ናይዚ ዕዳጋ ከኣ ብኣመሪካውያን ኩባንያታት ዝተባሕተ'ዩ። እተን ኣፍረይቲ ዝጥቀማሉ ጥረ-ነገራትን ኬሚካላትን ምስ ትምልከት'ውን እቲ ስእሊ ዝተፈልየ ኣይኮነን። ነቲ ዕዳጋ ዝብሕትኦ ኣመሪካውያን ኩባንያታት እየን። ብኣጠቓላሊ፡ ምፍራይ ማይክሮቺፕ ኣዝዩ ዝተራቐቐ ዕዮ ዘሰላስል ኩባንያታት ዝሳተፍኦ ዝርግሐ ዘለዎ መስርሕ'ዩ። እዚ ከኣ ዝተራቐቐ ናይ ቀረብ ሰንሰለት ከምዝህልዎ ዝገብር'ዩ። ብገምጋም ሓንቲ ኣመሪካዊት ናይ ሰሚኮንዳክተር ኩባንያ ምስ 16 ሽሕ ኣቕረብቲ ትሰርሕ። ርግጸ'ዩ ገለ ዓበይቲ ናይ ተክኖሎጂ ዋኒናት ምድላው ንድፌ፡ ምፍራይን ምፍታንን ናይ ሰሚኮንዳክተር ብናተን ሶፍትዌር፡ ተክኖሎጅን ናውትን ከዳልውኦን ክፍርያኦን ይመርጻ እየን። እዘን ኩባንያታት ድማ ኣፍረይቲ ወህድ መስርሒ (IDMs) ይበሃላ። ዚ ዕዳጋ ዝበሕታ ሓሙሽተ ኩባንያታት ድማ ሳምሱንግ፡ ኢንተል፡ ቲኤስኤምሲ (TSMC)፡ ኳልኮምን ኣፕልን እየን። ዓመታዊ መኽሰብ ናይዘን ኩባንያታት ድማ ካብ ድምር መኽሰብ ናይተን መወዳድርተን ዝኾና 249 ኩባንያታት ይዓቢ። ኣብዚ መዳይ'ውን መሪሕ ተራ ዘለዋ ኣመሪካ እያ። ሰለስተ ካብዘን ዝተጠቕሳ ኩባንያታት ኣመሪካውያን እየን። መሰረት ናይተን ክልተ ድማ ምስ ኣመሪካ ጥቡቕ ምሕዝነት ኣብ ዘለወን ሃገራት'ዩ። እዚ ከኣ ኣመሪካ ንእትወስኖ ናይ ሰደድ ቀይድታት ከኽብራ ዝቐስብ'ዩ።

ብኣጠቓላሊ ምፍራይ ናይ ኮምፕዩተር ቺፕስ ዝጠልቦ ደረጃ ክእለት፡ ብመንጽሩ ድማ ዝፈጥሮ ልዑል ደሞዝ ከምኡ'ውን እቲ ዝድመር ክብሪ ልዑል ብምኽንያት ዝርከቦ መኽሰብን ዝድርኾ ናይ ስራሕ ዕድላትን ዝበለጸ ምኽንያት ምግንዛቡ ኣየጸግምን። ማዕረ ማዕረ'ዚ ቁጠባዊ ረብሓ ድማ ፖለቲካውን ድሕነታውን ረብሓ ዝርከቦ'ዩ። እዚ ከኣ ስትራተጂያዊ ጠመተ ሃገራት ናብዚ ዓውዲ ክኸውን ካብ ዝደርኾ'ዩ። ዚ ምትግባር ድማ ምቅያሕ ወይ'ውን ነቲ ካልእ ጽዓት ምንእኣስ ዘይምኽኑ ምግንዛብ የድሊ። ካልእ ኣቓልቦ ዝደሊ ጉዳይ ከኣ እዚ ኢንዱስትሪ ኣቐዲመን ብዝተጠቕሳ ኩባንያታትን ሃገራትን ዝተባሕተ ብምኻኑ በየን እሞ ክእቱ ዝብል ገታኢ ሰክፍታ'ዩ። እንተኾነ መፈጠር ናይዚ ኢንዱስትሪ ኣመሪካ ምኻና ዋላ'ኳ እንተተገልጸ ነተን ድሒረን ዝተጸንበራ (ዝርላንድስ፡ ጃፓን፡ ደቡብ ኮርያን ታይዋንን) ከምኡ'ውን ኣዛ ሎሚ ስግኣት ኮይና ዘላ ቻይና'ውን ምዝኻር ኣገዳሲ'ዩ። ዝ ዓወት ካብ ዝደረኹ ምኽንያታት፡ ብመንጽር ጽዓት ክርአ እንከሎ ንምስሳዕ ዝተዋህበ ኣተኩሮ ሓደ ክኸውን እንከሎ ብመንጽር ትምህርቲ ምስ ዝርአ ድማ ኣብ ተክኒካውን ሞያውን ከምኡ'ውን ኣብ ሰነፍልጠት፡ ተክኖሎጂ፡ ምህንድስናን ቁጽርን (STEM) ብዘተኮረ ወፍሪ ምኽኑ ይግለጽ።





ሪፖርታዥ

# ቅብኣታትና መግለጺ ታሪኽናን ጅግንነትናን

ማርታ ክብሮም

ስእሊ፡ ሄኖክ ተኽለገርግሽ

ፈስቲቫል ኤርትራ 2026፡ ሎም ዓመት፡ ከምቲ ልሙድ ኣብ ቀጽሪ ኤክስፖ ብውዕዉዕ መንፈስ እዩ ዝካየድ ዘሎ። ኣብ ቈሸት ዞባታት ቀሪቡ ዘሎ ሕርሻዊ ፍርያት ሃገርና፡ ኣብ መደብ ምርኢት ምህዞን ሰንዓን ቀሪቡ ዘሎ ፍርያት፡ ኩሉ ንመሃዝቱትን ፈጠራውነትን መንእሰያት ዘጉልሕ እዩ። እዚ ምርኢታት'ዚ፡ ገለ ካብ ሰላቡቲ መደባት ኤክስፖ ኮይኑ፡ ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ባህላዊ ምርኢታት ብሄራትና ተደራብዎ ገለ ካብቶም ኣቓልቦና ዝሰሓቡ መደባት እዮም። ኣብ ኩሉ እናተዘዋወርና ተዓዚብና። ኣብ ምርኢት ቀሪቡ ዘሎ ፍርያት ብዙሕ እዩ። ብወገንና፡ ኣብ ዑደትና ብፍሉይ ትኹረት ወይ ኣቓልቦ ዝገበርናሉ ብመንእሰያት ቀሪቡ ዘሎ ስርሓት ኢደ-ጥቡብ ምርኢት ቅርጻን ቅብኣን እዩ ነይሩ። ትሕዝቶ ናይቲ ኣብዚ ምርኢት ቀሪቡ ዘሎ ፍርያት ኩሉ ዓሚቝን ሰፊሕን ሃገራዊ መልእኽቲ ዝሓዘለ እዩ።

ሃገራዊ ታሪኽ፡ መግለጺ ሚዛንን ክብረትን ሓደ ህዝቢ እዩ። ብዓይኒ ታሪኽ ኩሎም ህዝብታት ሓደ ዓይነት ሚዛን ዘውሃቦም ኣይኮኑን። ብመጠን ዘጓጥሞም ብድሆታትን ንዕኡ ንምስጋር ዝሓለፍዎ ታሪኽ፡ ዘጥረይዎ ክብርታት፡ ዘፈጸምዎ ቅያታትን ርዙኦም ኣዝዩ ዝተፈላለየ እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ድማ ኣብ ዘመናዊ ዓለምና ሓደ ካብቶም ነዊሕ፡ ዝጸንከረን ዝመረረን ሓርነታዊ ተጋድሎ ከካይድ ዝተገደደ እዩ። ነዚ መዘና ኣልቦ ቅያን ጅግንነትን ኤርትራውያን ዝምስክር ድንቂ ፍጻመታት ኣብ ውሽጡ ዝሓቖፈ ታሪኽ፡ ኣብ ምዕቃቡን ናብ ዝቕጽል ወለዶታት ኣብ ምስግጋሩን ድማ ሓላፍነት ኩሉ ዜጋ እዩ። ኣብ ቀጽሪ ኤክስፖ ቀሪቡ ዘሎ ውጽኢት ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ድማ፡ ንታሪኽናን መንነትናን ዘጉልሕን ሕድሪ ሰማእታትና ኣጽኒዕና ዝያዳ ክንሰርሕን ዘተባብዕ እዩ።

መንእሰይ ዳኒኤል ከበደ፡ ኣባል ሚኒስትሪ ፍትሒ እዩ። ንሱ ሓደ ካብቶም ፍርያቶም ሒዞም ኣብ ቀጽሪ ኤክስፖ ቀሪቦም ዘለዉ እዩ። መንእሰይ ዳኒኤል፡ ንቓልስን ጅግንነትን ኤርትራውያን ብመልክዕ ቅብኣ ሒዙ ቀሪቡ ኣሎ። ካብቶን ሒዘወን ቀሪቡ ዘሎ ቅብኣ ሓንቲ፡ ኣዚያ ሰሓቢትን ኣብ ውሽጣ ብዙሕን ዝተፈላለየን ምስሊ ስእልታት ዝሓቘፈትን እያ። ነታ ስራሕ ክዳሉ ብዙሕ መጽናዕቲ ከም ዘካየደን ብዙሕ መጽሓፍቲ እውን ከም ዝተወከሰን እዩ ኣዕሊሉና። ልዕሊ ሓደ ዓመት ዝወሰደ መጽናዕቲ፡ ኣብ ሓሳቡ ጠርኒፉ ኣብ ቅብኣ ከስፍሮ ክልተ ሰሙን ከምዝወሰደሉ ድማ'ዩ ኣውጊዑና።

ስነ-ጥበበኛ ዳኒኤል፡ ነዛ ቅብኣ፡ “ካብይ ከም ዝመጻእካ ኩሉ ግዜ ዘክር፡ ናበይ ከም እትኸይድ ድማ ፈጺምካ ከይትረስዕ” ብምባል ሰያመ ሂብዋ። እታ ቅብኣ ኣብ ሰለስተ መድረኻት ዝተኸፋፈለ፡ ናይ 85 ዓመት ታሪኽ ሃገርና እትገልጽ ኮይና እያ ንምርኢት ቀሪባ ዘላ። ትሕዝቶ ኣቀራርባኣ ድማ፡ ድማ ካብ 1941 ክሳብ 1991 ህዝቢ ኤርትራ ኣንጻር መግዛእቲ ዝሓለፎ ቃልሲ፡ ድሕሪ ናጽነት ካብ 1991 ክሳብ 2026 ዝነበረ ኲነታት ብመልክዕ ጋዜጣታት ክገልጾ ክኢሉ ኣሎ። ብዘይካ'ዚ፡ ንመጽናዕቲ ዝተጠቕመሉ መጽሓፍቲ ኣብዛ ቅብኣ ኣካቲትዎ ኣሎ።

መበገሲ ሓሳብ ናይ'ዛ ቅብኣ፡ ካብ ባጤራና 10 ናቕፋ ዘሎ ስእሊ ባቡር ምዃኑ ዝገለጸ ቀብኣይ ዳኒኤል፡ ኣብ ጫፍ ናይ'ታ ቅብኣ፡ ስእሊ ሓርበኛታት ኣቦታት ሽኽ ኢብራሂም ሱልጣንን ወልደኣብ ወልደማርያምን ይርአ። እቶም ሓርበኛታት ኣቦታት፡ ኣብ ግዜ መግዛእቲ እንግሊዝ ንዝነበረ እምቢ ንመግዛእቲ ቃልሲ ኤርትራውያን ክውክሉ ብምባል ከምእተጠቕመሎም ኣዕሊሉና።

ብሓፈሻ ኣብታ ቅብኣ፡ ንቓልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዝገልጻ ብርክት ዝበላ መጽሓፍቲ ብውክልና ቀሪበን ኣለዋ። ገለ ካብኣተን ኣይንፈላለ፡ ግፍዒ፡ ቀይሕ ኣይሂ፡ ኤርትራውያን ኮማንዶ፡ ፈንቅል፡ ያናን በስኩዲራን፡ ካብ ናቕፋ ናብ ናቕፋ፡ ዓገብን ምስክር ጽንዓትን ካልኦትን ተጠቒሰን ይርከባ።

ጫፍ ናይታ ቅብኣ፡ ንቓልሲ ዓመታትና ብዘውክላ ብ30 ወርቃውያን ኣግማል መዛዘሚ ተገይሩላ ትርአ። ካብተን ኣብታ ቅብኣ ዘለዋ ስእሊ ኣግማል፡ እታ ሓንቲ ዕብይ ዝበለት ገመል፡ ኣብ ሃገርና ንዝነበረ ሰንሰለት መግዛእቲ እናበተኸት ትርአ። ኣብ ብረታዊ ቃልስና ዓቢ እጃም ካብ ዝነበራ ሓንቲ ጃልባ'ውን ኣብቲ ቅብኣ ፍሉይ ቦታ ሒዛ ደሚቓ ትርአ።

ስነ ጥበበኛ ዳኒኤል፡ ኣብ ታሕተዋይ ክፋል ናይታ ቅብኣኡ እውን ድሕሪ ናጽነት ዘሎ ኩነታት ብመልክዕ ጋዜጣታት እዩ ክገልጾ ፈቲኑ። መሰርሕ ረፈረንዱም፣ ምጅማር ሃገራዊ ኣገልግሎት፣ መሰርሕ ዝርግሐን ዑደትን ሃገራዊ ባጤራና (ናቕፋ)፣ ወራር ወያነ፣ ውሳነ ኮምሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን፣ ዘይሕጋውን ዘይፍትሓውን እገዳ ሓያላን ሃገራት ኣብ ልዕሊ ኤርትራ፣ ወፍሪ ልምዓትን ህንጻትን ኤርትራን ከምኡ'ውን ሃይማኖታዊ ሓድነትን ጥምረትን ህዝብናን ድማ ብዝርዝር ተንጸባሪቑ ይርአ። ኣብ መወዳእታ ጫፍ ናይታ ዓባይ ቅብኣ ድማ፡ ሓንቲ ገመል እናተመገበት ግዳ ንሰላማ ዝዘርጉ ኣኽላባት ዘርኢ ብመሳጣ ኣገባብ ተሳኢሎም ይረኣዩ። ኣብ መወዳእታ ቀባኣይ ዳኒኤል፡ መንእሰያት ዝሓለፈ ታሪኽ ንኹሉ ብዝግባእ ተረዲኦም፡ ኣብ ኩሉ መዳያት ልምዓትን ሃገሮምን እጃሞም ከበርክቱ ብምልባው ተፈልዩና።

ቀጺልና፡ ኣብ ቀጽሪ ኤክስፖ ዓበይቲ ሃገራውያን ቅርጻታት ሒዙ ቀሪቡ ዘሎ ኣቶ ዘርኣይ በሸረ ኢና ኣዘራሪብናዮ። ኣቶ ዘርኣይ፡ ኣብዚ ሞያ፡ ናይ ኣስተታት ፍርቂ ዘመን ተመኩሮ ዘለዎ ስነ-ጥበበኛ እዩ። ኣብ ናይ ሎም ዓመት ፈስቲቫል፡ ንመበል ሓሙሻይ ግዜኡ ፍርያቱ ሒዙ ዝሳተፍ ዘሎ ኮይኑ፡ ሎም ዓመት ከኣ፡ 20 ሃገራውያን ቅርጻታት ሒዙ ዝሳተፍ ዘሎ እዩ።

ኣቶ ዘርኣይ ሞያ ቅርጻ ካብ ኣቡኡ ከም ዝወረሶ እዩ ኣዕሊሉና። ኣውሊዕ፡ ጽሕዲ፡ ጃጋራንዳ፡ ዓላ፡ ቀላሚጦስ፡ ገለ ካብቶም ቅርጻ ንምድላው ዝጥቀመሉም ኣግራብ እዮም። ኣብዚ ናይ ሎም ዓመት ከኣ፡ ካርታ ኤርትራን ገመልን ብኣደናቒ ኣቀራርጻ ተሰሪሐን ይርኣያ። “ስዉኣትና ልብና’ዩ መቓብሮም፡” ዘርእስታ ቅርጻ'ውን ንዘኽሪ ኣብ ወራር ወያነ፡ ብወተሃደራት ናይቲ ስርዓት ዝተፋሕሩ መቓብር ሓርበኛታት ሻምብቆን ጾሮናን ከምኡ ድማ፡ ንውግእ ሰሊና - ባጽዕ 1977ን ስርሒት ፈንቅልን (1990) እውን ብመልክዕ ቅርጻ ብምድላው ነጋድያን ክዕዘብዎ ብምባል፡ ንምርኢት ቀሪቡዎ ኣሎ። ኣቶ ዘርኣይ ኣብ መወዳእታ፡ ብዘይ ሃገር ክንሓብርን ክንሕይልን ከም ዘይንኽእል ብምግላጽ፡ ሃገር እትሓትቶ ምምላስ ኤርትራዊ ግዴታኡ ክዋጻእ ኣተሓሳሰበ።

ኣብ ሞያ ቅብኣ ናይ 14 ዓመት ተመኩሮ ከም ዘለዋን ኣብ ፈስቲቫል ሎም ዓመት (2026) ንኻልኣይ ግዜኣ ትሳተፍ ምህላዋ ዝገለጸትልናን ድማ መንእሰይ ብዓልቲ ድርብ ሞያ ቅብኣን ቅርጻን መንእሰይ ስቲ ዓብደላ እያ። መንእሰይ ስቲ ኣብ ወግዕና፡ “ኣብ ትምህርቲ ዋጋ ይኽፈል እዩ፡ ግና ኣይትርኣየን ኢኻ፡ ‘ዓወት’ ዘርእስታ ቅብኣይ ቡቶም ኣብ መዓልታዊ ህይወትና እንጥቀመሎም ኣሰቤዛታት እየ ክገልጾም ፈቲነ። ሽጉርቲ ዘንብዕ ክንሱ፡ ካብ ምጥቃሙ ግን ዓዲ ኣይወዓልናን። ስለዚ፡ ሽግርን ምረትን ህይወት ፈሪሕና ካብ ምንባር ኣየቋረጽናን። ካሮቲ ፍረኡ ኣብ ትሕቲ መሬት ቈጽሉ ከኣ ንላዕሊ'ዩ። ምስዚ ብምዝማድ፡ ጽባቐ ናይ ሰብ ከኣ፡ ደገ ዘይኮነ ውሽጣዊ እዩ። ነዚ ርኡብ ንምግላጽ እየ ድማ፡ ካሮቲ ተጠቒመ። ጻዕዳ ሽጉርቲ፡ ኣብ ኩሉ ዓይነት መግቢ ከነእትዎ እንኽእል ቀመም እዩ። ኣብ ፍልጡት እንተድኣ ሓይልኻ ምስ ኩሉ ሰብ ክትሕወስ ኣይትጸግምን ኢኻ። ኣብ ቅብኣይ ካውሎ ፍዮሪ እውን ኣሎ። ዕላምኡ ድማ፡ ነቲ ኣብ መወዳእታ እንበጽሖ ኣንጸባራቒ ዓወት ንምግላጽ እየ ተጠቒመሉ፡” ክትብል ገሊጻትልና።

ስነ-ጥበበኛ ስቲ ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ፈስቲቫል ሎም ዓመት ክትሳተፍ ዝደረኻ ምኽንያት፡ ሃገራዊ ፈስቲቫልና ምልክት ሓድነትናን ጥምረትናን ምዃኑ ብምርዳእ፡ በዚ መሰረት ከም ዜጋ ዓቕማ ከተበርክት ካብ ዝበል ከምእተበገሰት ብምግላጽ'ያ ተፈልያትና።

ኣብ መወዳእታ ዘዘራረብናዮ መንእሰይ ኣቤል ወረደ እዩ። ንሱ፡ ሓንቲ ካብተን ግርማ ከተማና ዝኾነት ህንጻ ኣርት-ዴኮ - ፍያት ታግሌሮ ብመልክዕ ቅብኣ ብምሓዝ'ዩ ኣብ ቀጽሪ ኤክስፖ ዝሳተፍ ዘሎ።

ስነ-ጥበበኛ ኣቤል፡ ነታ ህንጻ ክቕብኣ ዝደረኾ ምኽንያት ብኸምዚ ዝስዕብ እዩ ገሊጽዎ። “ህንጻ ፍያት ወላ እኳ ኣብ ግዜ መግዛእቲ ኢጣልያ ዝተሃንጸት እንተኾነት፡ ብጉልበት ኤርትራውያን እያ ተሰሪሓ። ስለዚ ብጉልበት ኣቦታት ኤርትራውያን ኣብ ማእከል ኣስመራ ዝተሰርሐ ህንጻ፡ ናትና እምበር ናይ ኢጣላውያን ኣይኮነን።” ብምባል ኣረዲኡ። ስነ-ጥበበኛ ኣቤል፡ ኣብ ስራሕ ስነ ጥቡብ ጀማሪ ይኹን'ምበር፡ ክሳብ ሕጂ ልዕሊ 300 ስነ-ጥበባዊ ስርሓት ኣፍርዩ ምህላዉን ኣብ ፈስቲቫል ሎም ዓመት ምስታፉ ድማ ኣብ መጻኢ ዝበለጸ ስራሕ ክሰርሕ ዘተባብዖን ዝያዳ ሓላፍነት ዘሰክሞን ምዃኑ ገሊጹ።



ኣቶ ዘርኣይ በሸረ




መንእሰይ ዳኒኤል ከበደ



መንእሰይ ስቲ ዓብደላ



መንእሰይ ኣቤል ወረደ

# ሽባብ

ሃማመተኤ

# ሳዋ፡ ብዓይኒ ኣጋይሽ መጽሔት መንእሰይ

"ሳዋ ንዓይ፡ ካብ'ታ ትነብረላ ዝነበርካ በዓተ ወጺእካ ምስ ኩሉ ነገራት ክትላለ ምኽኣል ማለት'ዩ።"

*- ዶ/ር ጀሚላ ኢብራሂም (2003)*

*ኣባል 18 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት*



ሳዋ ንዓይ ቅርጺ ዘትሓዘትኒ ቦታ ክብላ እኽእል። ቅድሚ ሳዋ ምኻደይ፡ ኣብ ትሕቲ ልዑል ክንክን ስድራቤተይ እየ ነይረ - ደረቱ ዝሓለፎ ክንክን። ኩሉ ነገር ብስድራቤተይ እዩ ዝግበረለይ ነይሩ። ኣጽንዕ ትበሃል ተጽንዕ፡ ከምዚ ግበር ትበሃል ከምኡ ትገብር። ብሓጺሩ ባዕልኻ ተበግሶ ወሲድካ ኣብ ትኸደሉ ህይወት እነብር ኣይነበርኩን። ኣብ ትሕቲ ቀጻሊ ምኽርን ማዕዳን ወለደይ እየ ነይረ። ሳዋ ምስ ከድኩ ግን ኩሉ ነገር ካልእ ኮይኑ፡ ብዛዕባ ነፍሰይ ክውስን ከም ዘለኒ ፈሊጠ፡ ምስ ሰባት ብኸመይ ክነብር ወይ ክረዳዳእ ከም ዘለኒ ፈሊጠ፡ ናይ ሰባት ባህሪ ትፈልጥ፡ ንነፍስኻ ንነገራት ብኸመይ ትገጥሞምን ትፍጽሞምን ትመሃር፡ ሓደ ነገር ምስ ዘጋጥም እንታይ ትውስን ... ኩሉ ኣብ ሳዋ ዝተማሃርኩዎ እዩ። ኣዝዩ ኣገዳሲን መሰረታዊን ከኣ ነይሩ።

ሳዋ ምኻድ ንዓይ፡ ካብ'ታ ትነብረላ ዝነበርካ በዓቲ ወጺእካ ምስ ኩሉ ነገራት ክትላለ ምኽኣል ማለት እዩ። ንሱ ኸኣ እዩ እቲ ንሰባት ዘድልዮም፡ ህይወቶምን ከባቢኦምን ክንብቡ ምኽኣል።

በቲ ማሕበራዊ ሸነኹ ጥራይ ከይኮነ'ውን፡ ኣብ ሳዋ ካብቲ ኣብ ገዛኻ ክትረኽቦ እትኽእል ጸጋታት ርሒቕካ እንዲኻ ዘለኻ፡ ኣብ ጽንክር ዝበለ ከመይ ኢልካ ክትነብር ከም እትኽእልን ንህይወት ብኸመይ ከም እትገጥማን ትመሃር። ሳዋ ድሕሪ ምኻደይ ዘፍርሓኒ ነገር የለን። ቅድሚ ሳዋ ንኣብነት፡ ሃሩር ኣዝዩ እዩ ዘፍርሓኒ ነይሩ። ንዙረት ምስ ስድራይ ባጽዕ ኣብ ዝኸደሉ ዝነበርኩ ቀንዲ ጸገመይ ሃሩር እዩ ነይሩ። ሕጂ ግን ሃሩር ዋላ ሓንቲ ኣይኮነን። ብተወሳኺ፡ ኣውቶቡስ ክትገድፈኒ ምኻና እናፈለጥኩ ካብ ጕየ ዘርክባ ዋላ ሰዓት ዘይጽበ እየ ዝብል ነይረ። ሕጂ ግን ሰዓት ብእግረይ ክጓዓዝ እኽእል እየ። ስለዚ፡ ሳዋ ብማሕበራዊን ኣካላዊን ጥንካረ ኣማዕቢላትና እያ። ንባዕሉ ካብ ገዛኻ ወጺእካ ንዓመት ኣብ ሳዋ ምምኻር፡ ንበይንኻ'ውን ክትነብር ከም እትኽእል ተማሂርና።

ምንጪ፡ መጽሔት መንእሰይ ቁ.48

"ንትምህርተ ኣመና ምችእተ"

*- ተሸላሚ ዛግረ ገቢል መሓመድዓሊ*



ብዘይ ምግናን ንትምህርቲ ኣዝያ ሓጋዚት'ያ። ዝደለኻዮ ማተርያል ኣይትስእንን ኢኻ። ንዓኻ ዘይብልካ መወከሲ መጽሓፍ ንብጻይካ ኣለዎ። ንዓኻ ዘይተረዳኣካ ከረድኣካ ዝኽእል ተመሃራይ ወትሩ ኣብ ጎድንኻ'ሎ። ኩሉ ኣድህቦኻን ውራይካን ብዛዕባ ትምህርቲ ጥራይ'ዩ። ብጉጅለ ምጽናዕ ከም ባህሊ ኢኻ እትወስዶ። ካብ'ቲ 11 ዓመታት ኣብ ኣቑርደት ዝተማሃርኩዎ፡ ኣብ ሳዋ ዝኣከብክዎ ፍልጠት ይዓቢ። ንትምህርቲ ኣመና ምችእቲ ኮይና'የ ረኺበያ - ሳዋ።

ምንጪ፡ መጽሔት መንእሰይ ቁ. 28

***

"ዘይሸዓ ኣብ ሳዋ ሰትየ፡ ሓብተይ ረኺባትኒ።"

*ድምጻዊ ቃልኣብ ተወልደመድህን*

*ኣባል 6ይ ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት*



እቲ ዝነበረኒ ዋዒ ግዲ ሓጊዙኒ፡ ምስ ሰባት ዝነበረኒ ዝምድናን ጽቡቕ እዩ ነይሩ። ምስ ኣባላት ዝነበረኒ ሌላ`ውን ከምኡ። ክራር ይሃርም ስለዝነበርኩ፡ ብዙሕ እዋን ይጽውዑኒ ነይሮም እዮም። 24 ግንቦት ናይ ምዝንጋዕ መደብ ስለ ዝነበሮም፡ ክራር ከጻውቶም ኢሎም ይጽውዑኒ። ኣነ ድማ እናጻወትክዎም ካብቲ ንምዝንጋዕ ኢሎም ዝቐረብዎ ብተምሪ ዝተሰርሐ ሰዋ ክሰቲ ኣምሰየ። ከይተረድኣኒ ድማ ብዙሕ ሰትየ። ኣብ መጀመርታ ብዙሕ ኣይተረደኣንን። ግና ብርኡይ ክውዕየኒ ጀሚሩ። ዳርጋ ሳዋ ኣብ ኢደይ ዝጨበጥክዋ ኮይኑ እናተሰመዓኒ፡ ኮሩዐ እየ ክደርፍ ውዒለ። እንታይ እሞ ኣብ መወዳእትኡ`ዶ ተኸሺሑ። መውጽኢ ጠፊኡኒ ደንበርበር በልኩ። ሓደ ብሩኽ ብኢደይ ሒዙ ናብ ሓይለይ ወሲዱኒ። ኣብ ግርማይካ ተመዲባ ዝነበረት ኣባል 4ይ ዙርያ ዝኾነት ሓብተይ ኣጋጣሚ ክትርእየኒ መጺኣ ኣብ ዓራተይ ጸኒሓትኒ። ናይ ብሓቂ እታ ኣጋጣሚ ኣይርስዓን እየ። ዘይሸዓ ኣብ ሳዋ ሰትየ፡ ሸዓ ድማ ሓብተይ ረኺባትኒ። ሓብተይ፡ ሳዋ ዋዕየይ ዘሕድገኒ መሲልዋ ነይሩ፡ ግን . . .

ኣብ ሳዋ ግቡእ ታዕሊምን ትምህርትን ምስ ወሰድኩ ናብ ሓይልታት እየ ተወዚዐ። መጀመርታ ኣብ ከባቢ ማይ-ውዑይ ተመዲበ። ብዕድመ ንእሽተይ ስለ ዝነበርኩ ድማ ኣብ ክፍሊ ኤምዳድ እየ ተመዲበ። ድሕሪ ድማ ምስ ኣሃዱይ ናብ ደማስ ተንቀሳቒስ ነይረ። ኮታ ዳርጋ ናብ ብዙሕ ቦታታት ናይ ኤርትራ ተንቀሳቒሰ እየ።

ምንጪ፡ መጽሔት መንእሰይ ቁ.59

***

"ሳዋ፡ ዋና ጉዳያትካ እያ እትገብር።"

*ዶ/ር ኣስካሉ ገብረሂወት*



ተመኩሮ ሳዋ እምነ-ኩርናዕ እዩ ነይሩ ንዓይ። ልዕሊ ኹሉ፡ ምስ ሰባት ብኸመይ ክትዋሳእ ወይ ክትበሃሃል ከም ዘለካ ትፈልጥ። ምስ ዝተፈላለዩ ሰባት ብኸመይ ክትረዳዳእን ናይ ውህደት መንፈስ ተጥርን ትመሃር። ንመራሕ ሓይልኻ ብኸመይ ትቐርቦ ትፈልጥ፡ ምስ ደቂ መስርዕካ፡ ጋንታኻ ... ብኸመይ ትነብር ትመሃርን ትፈልጥን። ኣብ ገዛና ከለና ነዚታት ዝጸልዉ ወይ ሓላፍነት ዝነበሮም ስድራቤትና እዮም። ንህይወትና ዘመሓድሩዋ ዝነበሩ ንሳቶም'ዮም። ኣብ ሳዋ ግን ባዕልኻ ኢኻ ዋና ጉዳያትካ ትኸውን። ስምዒታትካ ብኸመይ ትገልጽን ትቈጻጸርን፡ ኣብ ልዕሊ ነገራት እትወስዶ ስጉምቲ ... ተደማሚሩ ሓደ ናትካ መንነት እዩ ዝፈጥረልካ።

ብቐልል ዝበለ፡ ንኣብነት፡ ኣብ ኢድካ ዘለዉ ነገራት ብኸመይ ተመሓድሮም ትፈልጥ። ጸጋታትካ ኣለሊኻ ብኸመይ ከም እትጓዓዝ ትመሃር፡ ምስ መዛኑኻ ቅኑዕ ዝምድናን ትምስርት፡ ምስ ዝመስሉኻ ትራኸብን ሓድሕድ ትመሃሩን። ኣነ፡ ቅድሚ ሳዋን ድሕሪ ሳዋንሲ በበይነን ኣስካሉ እየ ክብል እደፍር። ሳዋ ንኣተሓሳስባኻን ኣነባብራኻን ጽቡቕ ገይሩ እዩ ቅርጺ ዘትሕዞ። ንዓይ፡ ሓደ ካብቲ ዝዓበየ ብልጫኡ ኸኣ ንጀሚላ (መሓዛ) ኣብ ሳዋ ምርካበይ እዩ።

ምንጪ፡ መጽሔት መንእሰይ ቁ.48

***

"ስፖርተኛ ስለዝኾንኩ፡ እቲ ምውስዋስ ኣካላት፡ ንግሆ ተሲእካ ምጉያይ ወዘተ. ኣይሓደሰንን"

*ሙዚቀኛ፡ ስፖርተኛ፡ ኢደ-ጥበበኛ*

*ካብ ካናዳ ዝመጸት ሃብሮም መንእሰይ ሑርየት ኣኽሊሉ*



ጽቡቕ። መኣብሮኣ ኸኣ ኣይሓደሰንን። ቅድሚ ናብ ሳዋ ምውራደይ ኣብ'ቲ ብሃማመተኤ ኣብ ጻዕዳ-ክርስትያን ዝወሃብ ትምህርቲ ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠት - ሕመረት ተማሂረ ነይረ። እቲ መኣብሮ ልክዕ ከም ናይ ሳዋ እዩ ነይሩ። ብሓባር ትምሃር፡ ብሓባር ትምገብ፡ ብሓባር ትውዕልን ትሓድርን። ኣብ ኩለን ዞባታት ሃገር ዝመጹ ተመሃሮ ስለ ዝኾኑ፡ ዝተፈላለየ ባህልን ቋንቋን ኢኻ ትሰምዕን ትፈልጥን። ዳርጋ ኣብታ ቤት ትምህርቲ ከለኻ፡ ንምልእቲ ሃገር ክትፈልጣ ኣይትሸገርን ኢኻ። ተመሳሳሊ ዕድመ ስለ ዘለኻ ብዘይካ እቲ ናይ ክትዕን መጽናዕትን ትምህርቲ ኣብ ትርፊ ሰዓታት'ውን ብሓባር ስለተዕልል ብዙሕ ዘይትፈልጦ ኢኻ ትፈልጥ። ብዛዕባ ሃገርካን መንእሰያት ኣሕዋትካን ዝጸንሓካ ኣፍልጦ ይዓብይ እዩ። ናይ መንእሰያት ህይወት ትምህርቲ ምቁር እዩ። ኣብታ ቤት ትምህርቲ ንሃገራዊ ንቕሓት ዘዕብይን ታሪኽ ዘረድእን ብዙሕ ፍልጠት ቀሲመ እየ ናብ ሳዋ ወሪደ። ስለዚ፡ ኣብ መጀመርያ ክሳብ መወዳእታ ኣየሸገረንን።

ኩዕሶ እግሪ እጻወት'የ። ስፖርተኛ ስለዝኾንኩ፡ እቲ ምውስዋስ ኣካላት ንግሆ ተሲእካ ምጉያይ ኣይሓደሰንን። ካብ ቅድም ምረሻ ወተሃደራዊ ስልፊ ኣዝዩ እየ ዝፈቱ። ኣብ ዝኾነ ሓድሽ መደብ ትምህርቲ 'መን ኣላ ተርእይ?' እንተተባሂሉ ቀዲመ'የ 'ኣነ' ዝብል። ኣብ ስራሕ'ውን ዝኾነ ናይ ትህኪት ምልክት ኣየርኣይን እየ። በዚ ዓለምትና ኣዝዮም እዮም ዘተባብዑኒ። ነተን ምልክት ትህኪት ዘርኢያ (ፈያካታት) "ሑርየት እኳ ኣብ ካናዳ ተወሊዳ ዓብያ፡ ፈያካ ዘይገበረት..." እናበሉ ይዛረቡወን ነይሮም። ንዓይ ግን፡ "ሑርየት ዓይኒ ቦጦሎኒ" ኢሎም ይጽውዑኒ ነይሮም።

ምንጪ፡ መጽሔት መንእሰይ ቁ.21

***

ኣብ ሳዋ ድማ ካብ ዝተፈላለዩ ብሄራት ምስ ዝመጽኡ ተመሃሮ ሓቢርካ ስለ ትመሃር ዝረኸብክዎ ፍልጠትን ሌላን ዓቢ እዩ።

*ኢንጂ. ዒሻ መሓመድ እድሪስ*

*መበል 22 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት*



ንእሽቶ ከለኹ ዓፋር እንተ ዘይኮይኑ ትግርኛ ኣይክእልን'የ ነይረ። ኣብ ባጽዕ ትምህርቲ ምስ ጀመርኩ እየ ለሚደዮ። ኣብ ሳዋ ድማ ካብ ዝተፈላለዩ ብሄራት ምስ ዝመጽኡ ተመሃሮ ሓቢርካ ስለ ትመሃር ዝረኸብክዎ ፍልጠትን ሌላን ዓቢ እዩ። ዝረገጽክዎን ዝረኣኽዎን ሰፊሕ ከባቢ እውን ከምኡ ካልእ ፍልጠት እዩ ነይሩ ንዓይ።

ትምህርቲ ኣብ ሳዋ ኣዝዩ ምቹእ እዩ ነይሩ። ንመሃር፡ ንተሓጋገዝ ኔርና። ኩሉ ብመደብ ስለዝኸይድ ኣብቲ መደብ ኣቲኻ ትምህርትኻ ክትከታተልን ክትብርትዕን ይሕግዘካ እዩ። ምኽንያቱ ካልእ ስራሕ ይኹን ካልእ ጉዳይ የብልካን። ግዜኻ ብግቡእ ኢኻ ትጥቀመሉ። ዓመት ተማሂርና ማትሪክ ምስ ተፈተንና ወተሃደራዊ ታዕሊም ወሲድና። ኣብ ማትሪክ 3.8 ኣምጺአ፡ ናብ ኮለጅ ማይ ነፍሒ ኣትየ፡ ኮምፒተር ሳይንስ ኣጽኒዐ።

ምንጪ፡ መጽሔት መንእሰይ ቁ. 39

*ፍሉይ ሕታም መጽሔት መንእሰይ ቍ. 64*



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ሚካል ኣለምጸሀ ኣብዑ ኣደይ ማርያ ሮዛ ፓጋኖ ሳቬለዮ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወራስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ይቕረብ።

የሰፍ ሓምዛይ ሰይድ ምባል ተረፉ፡ የሰፍ ኣሕመድዛይድ ሰዒድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሃይማኖት ደብረጽዮን ገብረመድህን፡ ብዓል ቤተይ ታደሰ ኣብይ ባየራኡ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቕና ድማ ወራሲቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ዳዊት ተሰፋልደት ተኽለሃይማኖት፡ ኣቦይ ተሰፋልደት ተኽለሃይማኖት ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ምጽላል ወልዳይ ገብረስላሴ፡ ብዓል ቤተይ ገርግሽ ማና ፍስሃ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቕና ድማ ወራሲቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ኣሙተ ምሕረትኣብ ገርገሽ ምባል ተረፉ፡ ኣሙተ ምሕረትኣብ ሶባሲ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/9/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቅ.49 ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

በረኸት ኣብርሃም ገብረማስቀል፡ ዓብዩና ሉተስላሴ ወልደማርያም ሉጉሳ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 1ሓፈተይ ንኣኖና ተከእና ምስ 1ኣሞይ 6 ደቂ ሓወቦይ ወራስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ሃሮን ሓምድ መሓመድሓሊብ ምባል ተረፉ፡ ሃሮን ሓምድ መሓመድ ሓሊብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሃይኮታ

ወ/ሮ ወይኒ ተኽስተ ሃብተጽዮን፡ ብዓል ቤተይ ሮቤል ተስፋይ እስቲፋኖስ ስለዝተሰወኣ፡ ውላድ'ውን ስለ ዘይብልና፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ኣብ ከተማ ኣስመራ ንኡስ ዞባ ቲራቮሎ፡ ጎደና 111-11 ቁ.ገዛ 629 ፕሎት 128፡ ፓርሰል ዲ ዝርከብ፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስትራል ብመለለዪ ብቑ.ንብረት 57803/95196 ብስም ምኪኤሌና ኣድመቓም ዝተመዝገበ ገዛ ብውርሲ ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ ናይ መውዳእታ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተ ዘይቀረበ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፍጽም ምዃነይ እሕብር።

ፑሊራ ሚካኤል

---

ኣመልካቲት ወ/ሮ ሳዕዱ ኑርሑሴን መሓመድ +2 ኣድራሻይ ኣብ ንኡስ ዞባ ጎዳይፍ ምምሕዳር ከባቢ ቃሓውታ ኣብ ካዳስተር ብመለለዪ ቁ/ንብረት 1BRASMO19641 ጠቕላላ ስፍሓቱ 250.00 ት/ሜ ጎደና 716-16 ፕሎት 48 ፓርሰል ሲ.1 (C) ጎደና 716-6 ቁ/ገዛ 48 ተመዝጊቡ ዝርከብ ገዛ፡ ዝዋበኣኒ ብጽሒት ካብ ኣሕዋተይ ስለ ዝወሰድኩ፡ ናብ ስሞም ከመሓላልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ሒዙ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ወይ ፓብሊክ ኖታሪ ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘየለ ግና ኦርጂናል ሰነዳት ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፍጽም ምዃነይ እሕብር።

ወ/ሮ ሳዕዱ ኑርሑሴን መሓመድ +2

---

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ (ዞባ 6 ነበር)፡ ምምሕዳር ከባቢ እምባ ጋሊያኖ ዚፕ ኮድ 1A118 ጎደና 118/3፡ ቁ.ገዛ 8 ሎታ 69 ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 108539 መወከሲ ቑጽሪ 129469/129470 ብስም ወራሲ ንግስቲ ክፍለ ጣዕሙን ኣቶ ተኽለ እስቲፋኖስ ደባስን ዝተመዝገበ ናይ ገዛ ዋንነት ደብተር ስለ ዝጠፈኣኒ፡ ረኺቡዎ ኣሎኹ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ኣሎኹ ዝበል እንተሃልዩ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ብቑጽሪ ተሌፎን 07613321 ደዊሉ የረክበ፣ እንተዘይኮይኑ ፡ ካብ ዝምልከቶ መተካእታ ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

በረኸት እስቲፋኖስ ደባስ

---

ብስም ጸሃይነሽ ገብረማስቀል ስእሉ፡ ኣብ ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ጎደና 116-7 ዚፕ -1A157 ፕሎት 26 ፓርሰል D ቁ.ገዛ 47 ጠቕላላ ስፍሓት 107.10 ት/ሜ ብቑጽሪ ምዝገባ ንብረት 1BRASM018727 ተመዝጊቡ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ) ብመሸጣ ከመሓላልፎ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ይቕረብ። እንተዘይቀረበ ግን ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ከፈጽም ምዃንና ንሕብር።

ጸሃይነሽ ገብረማስቀል

---

ኣብ ኣስመራ ዞባ 4 ምም/07 ቁ.ሎታ 74 ቁ.ፓርቸላ D ዝርከብ፡ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብቑ.ምስክር ወረቐት 1069886 መወከሲ ቑጽሪ 116278 ኣብ ቤ/ጽ/ካዳስተር ድማ ብመለለዪ ቁ.ንብረት 1:018388 ብስም ወ/ሮ ህድኣት ገብረማርያም ወልደኣብዝጊ ዝተመዝገበ፡ ኣብ 100 ት/ሜ ዝተደኮነ 3 ክፍሊ ገዛ ሓደ ክሽን ሓደ ሽቓቕን ዘለዎ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ) ስለ ዝዓደግናዮ'ሞ ናብ ስምና ከመሓላልፎ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ ናይ መውዳእታ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤ/ጽ/ፓብሊክ ኖታሪን ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀረበ ግን ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ከፈጽም ምዃንና ንሕብር።

ኣቶ ተኽለሰንበት ተኪኤ
ወ/ሮ መድህን ዘርኣይ

---

ኣብ ዞባ ደቡብ ከተማ ዓዲ ቀይሕ ምም/ከባቢ ሃዳሙ ፕሎት 23፡ ክፋል ፕሎት ፓርሰል 23 ዝርከብ ኣብ ቤ/ጽ/ካዳስተር ብቑ.ንብረት 4BRADK002621/1ብስመይ ዝተመዝገበ ገዛ፡ ክፋሉ ኣብ 26.1 ት/ሜ ዝተደኮነ 1 ናይ ድኳን ክፍሊ ምስ መኽዘኑ፡ ንወ/ሮ ፍቕርተ ኣብተ በራኺ ብህያብ ስለዝሃብኩዋ'ሞ ናብ ስማ ከመሓላልፈላ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ ናይ መውዳእታ ውሳነ ሒዙ ናብ ምም/ን/ዞባ ዓዲ ቐይሕ ይቕረብ። ተቓውሞ እንተ ዘይቀረበ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ከፈጽም ምዃነይ እሕብር።

ወ/ሮ ሰናይት የማነ ኣብርሃ

---

ኣመልካቲት ጸገ ከፈላ ዝተበሃልኩ፡ ኣብ ኣስመራ ንኡስ ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ዝርከብ ገዛ ፕሎት 11 ፓርሰል ኤፍ ASP00021972 ዚፕ 1A112 ስፍሓት መሬት 235 ት/ሜ ዝተደኮነ ብዘሊ ክፍሊ ቀንዲ 6 ተሓጋጊዚ 3 ዘጠቓልል፡ ኣብ ቤት/ጽ ካዳስተር ብቑጽሪ መዝገብ 1BRASM02202 ብስም ነ/ሄር ከፈላ ወልደርፋኤል ዝተመዝገበ ብውርስን ምቕሊትን ዝበጽሓኒ፡ ነቲ ብጽሒተይ ከመሓላልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት መኣገዲ ወይ ናይ መውዳእታ ይግባይ ዝተበሃለሉ ውሳነ ሒዙ ኣብ ቤት ጽሕፈት ነታዮ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ይቕረብ።

ጸገ ከፈላ

---

ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ን/ዞባ ጸጸራት ከባቢ ቤት መኻእ ጎደና 127-21 ፕሎት 010" ፓርሰል "H" ዚፕ ኮድ 1A185 ዝርከብ፡ ኣብ 252.00 ት/ም ሜተር ዝተደኮነ ገዛ፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብቑጽሪ መለለዪ ንብረት 1BRASM14248/0 ብስም ወላዲተይ ነፍ/ራት ጺጋ ስብሃቱ ወልደሰላሴ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ብውርሲ ዝረኸብናዮ ናብ ስመይ ምትሕልላፍ ክንገብረሉ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ። ዝቃወም እንተዘይሃልዩ ብዘሎና ኦርጂናል ሰነዳት ጉዳይና ክንውድእ ምዃንና ንሕብር።

ኣለም ኣስመሮም ተድላ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኢሕሳን ኣልኣሚን ኣደም ምባል ተሪፉ፣ ሓሰና ኣልኣሚን ኣደም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሩታ ሃብተጽዮን ኣማኑኤል፡ ኣቦይ ሃብተጽዮን ኣማኑኤል ገለ ስለዝተሰወኡ፡ ኣደይ ሉተብርሃን ተኽለ ምስየና ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሳባ ኣልኣዛር እምባዬ፡ ብዓል ቤተይ ብርሃነ ተኽሉ ኣደከመ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/9/26 ኣብ ቤ/ፍ 11 መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ መኣዛ ጎይትኦም ወረደ፡ ብዓል ቤተይ ተኸስተ ኣብራሃም ኪዳ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ሚካኤል በሀነ እንግዳ፡ ኣሞና ጥሩ እንግዳ ተሰፉ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ረዚን ኣብርሃ መሓሪ፡ ብዓል ቤተይ ካሕሳይ ኣስራት ደበሳይ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/9/26 ኣብ ቤ/ፍ 11ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ብፍ/በ/ዕዳ ወ/ሮ ዓወት ዘርኣሰናይ ገብረእግዚኣብሄር፡ ኣብ ልዕሊ'ኻ ብፍ/በ/ መሳል ኣቶ ብንያም ፍስሃ የውሃንስ ንፈጻሚ ዝምልከት ክሲ መረሰቲ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን1/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ክፈልጥ።

ፋይድ ጀማል ያሲን ምባል ተሪፉ፣ ፋይድ መሓመድዓጣ ያሲን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

በረኸት ተኽለ ወልደኣብ ምባል ተሪፉ፣ በረኸት ተኽለ ገብረ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ተጸዋዕቲ ፍ/ሄ/ር ሓዳስ መሓሪ፡ ተተኻእቲ ደቃ ኤፍሬም መንግስትኣብ፡ ሚካኤል መንግስትኣብ፡ ዓወት መንግስትኣብ፡ ሩታ መንግስትኣብ፣ ብኣመልካቲት ወ/ሮ ኣሰለ. መሓሪ ኣርኣያ፡ ንጉዳይ ወህብቶ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ መልሲ ሒዝኩም ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን13/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ክፈልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ወ/ሮ ተመስገን ያቆብ ጊላጋብር፡ ተጸዋዒ ኣቶ ደጀን ገብረሂወት ተኽሉ፣ ናይ ምዝዛትነት ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን8/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ክፈልጥ።

ብፍ/በ/መሳል ወ/ሮ ዲያና መርሃዊ ገብረወልደ፡ ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ ሚካኤል ሃብተማርያም ዑቕባየርጊሱ ናይ ፈጻሚ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን13/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ክፈልጥ።

ት/ዕድመ ሰና ተስፋልደት እስቲፋኖስ ምባል ተሪፉ፣ ሰቲት ተስፋልደት እስቲፋኖስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ሊሊያ ዳንኤል ተስፋጋብር ምባል ተሪፉ፣ ሊልያ ዳንኤል ተስፋጋብር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/8/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ተከሌዛን

ጴጥሮስ ኣሰፍሃ ኣዴና ኣስመረት ተኸስተ ሃይለሚካኤል ስለዝዓረፈት፡ ንሕና 5 ደቃ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ወ/ሮ የሮና ኣብርሃም፡ ቤትኣብ ፍሊሞን ሰሎሙን ኢሉ ፍሊሞን ሰሎሙን ምባል ተሪፉ፣ ቤትኣብ ፊሊጶስ ሰሎሙን ኢሉ ፊሊጶስ ሰሎሙን ተባሂሉ ይተኣረመሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ሃይለ ብጹዕ ተወልደብርሃን ምባል ተሪፉ፣ ሃይለ ብጹኣምላኽ ተወልደብርሃን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ን24/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት- ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ወ/ሮ ብርሃና ኣብርሃ ሰንበት፡ ኣደይ ጻዕዱ ተላ ሃብተሚካኤል ስለዝዓረፈት፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ት/ዕድመ መሓመድዓሊ. ሳልሕ ምባል ተሪፉ፣ ዓሊ. ሳልሕ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ዑስማን መሓመድ ጅምዕ ምባል ተሪፉ፣ዑስማን መ/ድ ጅምዕ ዑስማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣምና እድሪስ ሓሰን ምባል ተሪፉ፣ ኣምና ኣሕመድ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሞልቂ

ወ/ሮ ምሕረት ተኽለ ተስፋማርያም፡ ብዓል ቤተይ ቀሺ ከርስ ተስፋገርግሽ ዳኒኤል ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሻምብቆ

ስታር መሸ ኣረፋይነ ምባል ተሪፉ፣ ስታር መኮንን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

መሓመድ ኣልኣሚን መሳ ምባል ተሪፉ፣ መሓመድ ኣልኣሚን መሳ ዓሊ. ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሑሴን ዓፉ ኢጋር ምባል ተሪፉ፣ ሃዋ ዓሊ. ዳሊ. ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

ዓብደልዓለም ኢብራሂም የሱፍ ምባል ተሪፉ፣ ዓብደልሙጓዒም ኢብራሂም የሱፍ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/8/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣፍዓበት

ሓምድ መሓመድ ሰዒድ ምባል ተሪፉ፣ሓምድ መሓመድ ሰዒድ ዑስማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/8/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ጀሚላ ሳልሕ ሰዒድ ምባል ተሪፉ፣ ጀሚላ መሓመድ ሳልሕ መሓመድ ሰዒድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/8/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ናቕፋ

መሓመድ ዓሊ. ኣሕመድ መሓሙድ ምባል ተሪፉ፣ መሓመድዓሊ. ሁመድ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/8/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣምና እድሪስ ሑመድ ምባል ተሪፉ፣ ኣምና መሓመድ እድሪስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/8/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኢብራሂም መሓመድ ሓምድ፡ ስም ኣደይ ፋጥና መሓመድዓሊ. ሓምድ ምባል ተሪፉ፣ ኣሚና ዑስማን ኣደም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/8/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዜናብ ሓምድ መሓመድ፡ ስም ኣደይ ፋጥና ዓብደላ ጀህራይ ምባል ተሪፉ፣ ፋጥና እድሪስ ተክሽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/8/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ፋጥና ዑስማን ስሌማን፡ ስም ኣደይ ከዲጃ እድሪስ ሓምድ ምባል ተሪፉ፣ ኣምና ኢብራሂም ሓምድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/8/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ማሕሙድ እድሪስ መ/ዓሊ. ምባል ተሪፉ፣ መሓመድ እድሪስ መ/ዓሊ. ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/8/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጎዳይፍ ዚፕ 1A714 መለለዩ ገዛ ASD00048492 ፕሎት NOPL ፓርሰል ASP00033185 ጎደና-ቁጽሪ ገዛ – ዝርከቡ፡ ስፍሓቱ ኣብ 49.70 ት/ሜ ኣብ ዝተደኮነ ቦታ፡ 3 ቀንዲ ክፍልታት 1ክሽነ 1ዓይኒ ምድሪ ካሽሎ ናይ ሓባር ዝሓዘ ሕጂ ኣብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪ ብቑጽሪ ውዕል 8,576 ብዕለት ውዕል 28/04/2025 ብንብረት ቁጽሪ መዝገብ 8576/25 ብዕለት 28/04/2025 ብስም ወ/ሮ ኣብርሀት ገብረማርያም ገብረትንሳኤ ተመዝጊቡ ዝነበረ ሕጂ ብወህብቶ ንሓወይ ብርሃነ ገብረማርያም ገብረትንሳኤ ስለ ዝሃብክዎ፡ ናብ ስሙ ክመሓላለፍ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ. 30 መዓልቲ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ናብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መእገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣብርሀት ገብረማርያም

---

ብስም MEAZEN P.L.C ብቑ.ፍ.ዋጊን ASL00042151 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማእከል ከተማ ጎደና ሰላም ቁ.ገዛ 63 ዝርከብ ናይ ስቴሽነሪ ትካለይ፡ ንኣቶ ሚኪኤለ ተስፋየወሃንስ፡ ኣድራሻ ዞባ ኣጭሻውል ጎደና ወድጋን ቁ.ገዛ 24 ካብ ዕለት 01/01/2026 ክሳብ ዕለት 31/12/2027 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ. ምልክታ እዚ. ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ. ሰለሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ክፈልጥ።

ስምረት ፍስሃ

# ስድራቤት

ዮሴፍ ሃይለማርያም

# ጠንቅታት ወልፍን ሳዕቤናቱን

ሉል ተስፋይ
ሚ/ዕ/ማ/ድሕነትን



ኣእምሮ ወዲ ሰብ ኣብ ቀጻሊ ምእካብ ሓበሬታን ምድላብ ፍልጠትን ይርከብ። ኣእምሮ ነቲ ዝኣከቦ ሓበሬታ ብዘየቋርጽ ብዝበምስራሕ፣ ኣብ ዕለታዊ ህይወት፣ ሰባት ዝጥቀምሉ መምርሒታት ናብ ምሉእ ኣካላት የመሓላልፍ። ካብ ኣእምሮ ናብ ኣካላት መልእኽትታት ብምትሕልላፍ፣ ኣብ ዕለታዊ ንጥፈታት ሰባት ዓቢ ተራ ዝጻወቱ ኒውትራንስሚተራት (neurotransmitters)፣ ዝተሰምዩ መትንታት ኣብ ኣእምሮ ይርከቡ።

ዝኣከቦ ሓበሬታን ዝሰላሰል ሓሳባትን ንህይወት ወዲ ሰብ ኣብ ምምእዛን ዓቢ ተራ ኣለዎ። "ሰባት ነቲ ዝሓስብዎ ይመስሉ" ዝብል ብሂል ነቲ ሓሳባት ረቋቕቲ ክሰም ንህይወት ናይ ምጽላው ተራኡም ኣገሊሑ ዘርኢ እዩ።

ኣብ ዓለም ብርክት ዝበሉ ንደቂ ሰብ ናብ ዕንወት ዝመርሑ ወልፍታት ይርከቡ። እዞም ወልፍታት ብመልክዕ ሓሳባት ቀጻሊ ኣብ ዝሰትንተኑሉ እዋን፣ ናብ ስምዒታትን ባህርን ብምቕያር ኣካል መዓልታዊ ንጥፈት ክኾኑ ይኽእሉ።

ወልፍታት ኣብ ህይወት ሰባት ቀወምቲ ቅድሚ ምኻኖም፣ ብዘይተፈላለዩ ጠንቅታት ተጸልዮም ክምዕብሉ ተኽእሎ ኣሎ። ካብኡ'ውን ንምምዕባል ወልፍታት ጠንቂ ዝኾኑ ምኽንያታት ገለ ንምጥቃስ፣ ጽልዋ መዛኑ፣ ጽልዋ መቕርብን ስድራ ቤትን፣ ጽልዋ ፊልምታትን ደርፍታትን፣ ስነ ኣእምሮኣዊ ጸገማት፣ ወዘተ ምጥቃስ ይከኣል። ወልፊ ካብ ቁጽጽር ወጻኢ ኣብ ዝኾነሉ እዋን፣ ንቡር ንጥፈታት ሰባት ሓሊኹ ብምሓዝ ኣካል ዘይተደልየ ጸገማት ኣብ ምምጻእ ተራ ይጻወት።

ሮበርት ኩስለር ዝተባህለ ምሁር ስነ ሕብረተሰብ፣ ካብ ዩኒቨርሲቲ ሚቺጋን ንዚ ኣመልኪቱ ክዛረብ ከሎ፣ "ድሒሩ ህይወት ሰባት ኣብ ምሕማስ ዓቢ ተራ ዝጻወት ወልፍታትን ሕማቕ ኣመልን፣ ኣብ ግዜ ህጻንነትን ኩትትናን ዝድለ መፍትሒ እንተዘይረኺቡ፣ ሰባት ዓቕሚ ኣዳምን ሄዋንን ምስ ኣኸሉ፣ ካብኡ ንምልቃቕ ከቢድ ዋጋ ይኸፍሉ" ክብል የመልክት።

ብደረጃ ዓለም፣ ኣሸገርቲ ተባሂሎም ካብ ዝጥቀሱ ወልፍታት ከም ምትኻኽ ሽጋራ፣ ልዑል ኣልኮላዊ መስተ፣ ሓሽሽ፣ ቁማር፣ ተጠቀምቲ ሓሽሽ ልዕሊ ንቡር ተጠቀምቲ ቴክኖሎጂያዊ ፍርያት (ቴለቪዥን፣ ሞባይል፣ ቪድዮ ጌም፣ ኢንተርነት፣ ኮምፕዩተር) ተጠቒሶም እዮም። እዞም ወልፍታት ብእግኡ መፍትሒ እንተዘይረኺቦም፣ ከቢድ መዛዘ ብምስዓብ ኣብ ህይወት ደቂ ሰብ ከቢድ ጥፍኣት የስዕቡ። ክፍወሱ ኣብ ዝደለዩሉ እዋን እኳ እቶም ጉዳያት ናይዞም ወልፍታት ዝኾኑ ሰባት፣ ካብኡ ንክሰቕቑ ከቢድ ዋጋ ይኸፍሉ።

ኣብ ኣእምሮኣዊ ፍወሳ (psychological therapy)፣ ናይ ጉዳያት ወልፊ ዝሰርሕ ክኢላ ስነ ኣእምሮ ሬልፍ ታርተር፣ ካብ ኢንስቲትዩት ስነ ኣእምሮኣዊ ክሊኒክ ዌስተርን ፒትስበርግ፣ "እቶም ጉዳያት ኣብ መጀመርያ ነቲ ወልፍታት ክጅምርዎ ከለዉ ዝተወሰነ ዕግበት ይፈጥረሎም፣ ጸኒሑ ልምዲ ምስ ኣማዕበሉ ግን ኣብ ህይወቶም ዓቢ በሰላ ይገድፍ" ክብል ይገልጽ።

ኣብ ኣመሪካ፣ ኣብ 1993 ንተመሃሮ ኮሌጅ ዓሊሙ ዝተገበረ መጽናዕቲ ከም ዝሕብሮ፣ ልዕሊ 90 % ኣብ ቀጽሪ ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲ ዝጋጠሙ ተርእዮ ገበናት ከም ባእሲ፣ ዕግርግር፣ ዓመጽ፣ ልዑል ዓቐን ኣልኮላዊ መስተ ብዝሃለኹ ሰባት ከም ዝተፈጸመ የመልክት። እቲ መጽናዕቲ ብተወሳኺ፣ ምህላኽ ልዑል ኣልኮላዊ መስተ፣ ከም ንቡር ዝወሰዱ ተመሃሮ ብዙሓት ምንባሮም ይጠቅስ።

ኣብ ካልእ ወጽኢት ናይቲ መጽናዕቲ፣ ኣብ ኣመሪካውያን ደቂ ኣንስትዮ ተመሃሮ፣ ዝበረ ኣህላኽነት ልዑል ኣልኮላዊ መስተ፣ ካብ 10 ሚእታዊት ኣብ 1977፣ ናብ 35 ሚእታዊት ኣብ 1993 ከም ዝወሰኸ ተገሊጹ ኣሎ። ብተመሳሳሊ፣ ተጠቀምቲ ኣልኮላዊ መስተ፣ ሽጋራ፣ ሓሽሽ ኣብ ዘዘውትሩ ሰባት ዝተኻየዱ ዝተፈላለዩ መጽናዕታት ከም ዘመልክትዎ፣ ጉዳያት ዝኾኑ ሰባት ከም መዘሓሓሊ ሕርቃን፣ ጭንቀት፣ ቅዛነት፣ ሻቕሎት፣ ዝኣመሰሉ ስምዒታት ክጥቀምሉ ከም ዝደልዩ ይንገር።

እዞም ዝተገልጹ ኣሉታዊ ስምዒታትን ኩነት ኣእምሮን ኣብ ዕለታዊ ህይወት ብዘይተፈላለየ ምኽንያት ኪጋጥሙ ዝኽእሉ እዮም። ነዚ ንምፍዋሱ ናብ ተጠቀምቲ መስተ፣ ሽጋራ፣ ሓሽሽ ምጉያይ ዘይካኑ እወታዊ ኣተሓሳስባ ንምዕባይን፣ ኣብ ዙርያ ስነ ኣእምሮዊ ፍወሳ ዘሎ ንቕሓት ንምውሳኽን፣ ምስ ክኢላታት ስነ ኣእምሮ ምዝታይ ኣገዳሲ ነገር ይኸውን። ኣወለፍቲ ባእታታት ብምጥቃም ሽግራትካ ንምፍታሕ ምጉያይ፣ ካብ ግዝያዊ ሓጎስን ባህታን ዝሓለፈ ካልእ ዘላቒ መፍትሒታት ንምምጻእ ዝሕግዝ ኣይኮነን።

ዓውሎማን ዘመናውነትን ዝፈጠርዎ ዕድላት ብዙሕ ክሰሉ፣ ምስኡ'ውን ዝመጸ ሓደሽ ኣብ ነባራውነትን ውልቃውነትን መሰረት ዝገበረ ባህሊ ግን ንህዝቢ ዓለም ብሓፈሻ፣ ንመንእሰያትን ቆልዑን ድማ ብምፍላይ ጉዳያት ይጉዕር ኣሎ።

ኣብ መፍረ ማስተን ሽጋራን ዝጠፉ ዓበይቲ ኮርፖረሽናት ዓለም፣ ንምህላኽ ናይዞም ፍርያት ቅቡል ክገብሩ፣ ምስ ዓበይቲ ኣፍረይቲ ፊልምታት ዝኾኑ ትካላት ብምሽራኽ፣ ንተጠቀምቶም ዝተባብዑ ፊልምታት ኣብ ምፍራይ፣ ካብ መፋርቕ 20 ክፍለ ዘመን ኣትሒዞም ክሰርሑ ጀሚሮም።

ኣብ ዓበይቲ ኢንዱስትሪታት ፊልም ከም ሆሊዉድ፣ ቦሊዉድ ወዘተ ዝፈረዩ ፊልምታት፣ ንህቡብ ተዋሳኣይ ዝኾነ ቀንዲ ገጸ ባህሪ ኣብ ኣጽዋዊ ፊልምታት (action movies)፣ መስተ እናሰተየ፣ ሽጋራ እናትከኸ፣ ሓሽሽ እናተጠቐመ ዘርኢ ምስልታት ብምግላጽ፣ ንተመልከትቲ ዝኾኑ ህጻናትን መንእሰያትን ኣብ ኣእምሮኦም ከም ዝቕረጽ ይግበር።

እዚ ድማ ነቶም ጉዳያት፣ ኣህላኽነት ናይዞም ኣወለፍቲ ባእታታት ከም ቅቡል ክርእዩዎ ይጉዕር። እቶን ዚ ፊልምታት ኣብ ምምዋል ዝጠፉ ዓበይቲ ኮርፖረሽናት፣ ብዘይካ ፋይናንሳዊ መኽሰቦተን፣ ብዛዕባ ጥዕናን መጻእን ህጻናትን መንእሰያትን ዘገድሰን ኣይኮነን። ስለዚ መንሰያትን ቆልዑን ኩሉ ኣብ ፊልምታትን ደርፍታትን ዝዕዘብዎ ነገራት ከምዝለዎ ካብ ምድጋም ክሕለቡ የድሊ።

ጽልዋ መዛኑ ካልእ ኣብ ምምዕባል ወልፊ ዓቢ ተራ ዝሕዝ ጠንቂ እዩ። ህጻናትን መንእሰያትን ካብ ምስ ስድራ ቤቶም፣ ምስ መዛናቶም ኣዕሩኽቶም ዝሕልፍዎ ግዜ ይበዝሕ ኣሎ። ምስ መዛኑ ዝሀሉ ምምሕዝነት ኣካል ጉጅለኣዊ ምምሕዛር ገርካ ዝወሰድ እዩ።

ዓውዲ ስነ ሕብረተሰብ ንጉጅለኣዊ ምምሕዝነት ክገልጾ ከሎ፣ "ሓደ ውልቀሰብ ምስ ኣብ ዙርያኡ ዘለዉ ሰባትን ጉጅለታትን ዝዛበር፣ መሰረሕ ምዃብን ምቕባልን ናይ ባህሊ፣ ልምድታት፣ ኣተሓሳስባ፣ ክብርታት የጠቓልል" ዝብል መግለጺ የቐምጠሉ።

ጉጅለኣዊ ምምሕዝነት እወታውን ኣሉታውን ጎድንታት ዘለዎ ኮይኑ፣ ኣሉታዊ ጎድንታቱ ድማ ህጻናትን መንእሰያትን ብመዛኑኦም ተጸልዮም፣ ምምዕባል ወልፍታት ዘጠቓልሉ ልምድታት ክዕብዩ ከለዉ እዩ። ስለዚ ወለዲ፣ ደቆም ምስ መዛኑኦም ዘውዕልሉ ኩነታትን ዘርእይዎ ናይ ባህሪ ለውጥን ተረዲኦም፣ ንደቆም ቀጻሊ ማዕዳን ክትትልን ክህቡ ትጽቢት ይግበር።

ብደረጃ ዓለም ኣስካፍነቶም እናዓበየ ካብ ዝመጽእ ዘሎ ወልፍታት ሓደ ቁማር እዩ። ቁማር ኣብ ሰባት ንዘሎ ባህሊ ሰራሕ፣ ዲስፕሊን፣ ጻዕሪ፣ ራእይ፣ ዋጋ ምኽፋል ብምስባር፣ ሰባት ጽግዕተኛታት ናይ ዕድል ኮይኖም፣ ብኣጉል ትጽቢታት ሃብቶምን ንብረቶምን ክኸስሩ ዝገብር ወልፊ እዩ። ብዙሓት ብወልፊ ቁማር ዝተጠቕዑ ሰባት፣ ንብረቶም፣ ሃብቶም፣ ዝይትካእ ግዜኦም ምስ ከሰሩ፣ ብጥዕሳ ኣብ ከቢድ ቁጠባዊ፣ ማሕበራዊ፣ ጥዕናዊ፣ ስነ ኣእምሮኣዊን ጸገማት ዝወደቑ ማእለያ የብሎምን።

ጉዳያት ቁማር ዝኾኑ ሰባት ኣብ ማሕበራዊ ኣጋጣሚታት (ከም መርዓ፣ ሕጽኖት ወዘተ ዝኣመሰሉ)፣ ስፖርታዊ ኣጋጣሚታት (ከም ውድድራት ኩዕሶ እግሪ ዝኣመሰሉ)፣ ኣብ ግዜ መስተ ወዘተ ቁማር ምጽዋት የዘውትሩ። ኣብ እዋን ዓለማዊ ስፖርታዊ ውድድራት ኩዕሶ እግሪ ከም ዋንጫ ዓለምን ውድድራት ክለባት ኩዕሶ እግሪ ኤውሮጳን ካልእን ኣብ ዝኣመሰሉ ፍጻመታት፣ ብሚልዮናት ዝቖጸሩ ሰባት፣ ወጽኢት ውድድራት ብምግማት ገንዘቦም ኣትሒዞም፣ ኣብ ቁማር ይሳተፉ ኣለዉ። ኩዕሶ እግሪ ብደረጃ ዓለም ልዕሊ 3.2 ቢልዮን ዝግመት ህዝቢ ዝምልከቶ ተፈታዊ ዓውዲ ስፖርት ምኻኑ ይጥቀስ።

ነዚ ኣብ ግምት ዘእተዉ ዓበይቲ ናይ ቁማር ትካላት ዓለም፣ ከም ቤትወይ (betway) ካልኦትን ዝኣመሰሉ ነዚ ብምምዝማዝ፣ ብ ኢንተርነት ዝግበር ቁማር (on line betting) ብምትእትታው ሰባት ውድድራት ስፖርት ብምግማት፣ ገንዘብ ከኻዕብቱ ብምሕሳብ ኣብ ውድድራት ቁማር ክጸመዱ ይገብሩ ኣለዉ።


ፍራንስ 24 ዝተባህለ ኣብ ፈረንሳ ዝመደበሩ ማዕከን ዜና፣ ነዚ ኣመልኪቱ ኣብ ቀረባ እዋን ኣብ ዘዘርገሖ ሰነዳዊ ፊልም፣ ኣብ 2022 ኣብ ቀጠር ዝተኣንገደ ዋንጫ ዓለም፣ 38 ቢልዮን ኤውሮ ዝግመት ገንዘብ፣ ብመልክዕ ቁማር ኣብ ምግማት ወጽኢት ሃገራውያን ጋንታታት ከም ዝዘለኸ የመልክት።

እዚ ኣሃዝ ካብ 11 ሰነ 2026 ክሳብ 19 ሓምለ 2026 ፣ ኣብ ኣመሪካ፣ ሜክሲኮ፣ ካናዳ ኣብ ዝእንገድ ዘሎ ውድድራት ዋንጫ ዓለም ናይ 16 ቢልዮን ኤውሮ ወሰኽ ብምምዝጋብ፣ 54 ቢልዮን ኤውሮ ዝግመት ገንዘብ ብርክት ዝበሉ ሰባት፣ ብመልክዕ ቁማር ከምዝዘለኸ የመልክት።

እዚ ድማ ንዝተፈላለዩ ብኢንተርነት ዝግበር ቁማር (online betting) ተጠቒሞም ገንዘቦም ዘትሓዙ ሰባት፣ ኣደዳ ሰርሰርቲ (hackers) ብምግባር ገንዘቦም ክከስሩ ይገብር ከምዘሎን፣ ብርክት ዝበሉ ተቓመርቲ ድማ ኣደዳ ስነ ኣእምሮኣዊ፣ ቁጠባዊ፣ ማሕበራዊ ጸገማት ከምዝኾኑን ይሓብር። ስለዚ እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ፍጻመ ቁማር ከም ሓደገኛ ወልፊ ዘምጽኦ ናይ ዘሎ መዛዘት ንኣሰ ኣብነት ክኸውን ይኽእል እዩ።

ሓሻሽት ካልእ ኣብ ዓለም ኣብ ምስፍሕፋሕ ዝርከብ ግናይ ወልፊ እዩ። ኣብዚ ነገራዊ መዐቀኒታት ከም መርኣያ ብሉጽነት ዝወሰድሉ ዘሎ ዓለም፣ ሰባት ካብ ኣታዊኦም ንላዕሊ ወጻኢታት ብምግባር፣ ኣብ ዕዳ ክኣትዉ ይረኣዩ ኣለዉ። ዋረን ባፌት ዝተባህለ ቢልዮነርን ወናኒ በርክሻየር ሃታወይ ዝተባህለ ዓቢ ኮርፖረሽንን ዝኾነ ኣመሪካዊ ብዓል ጸጋ፣ ንኩናእነት ሓሻሽት ኣመልኪቱ ክዛረብ ከሎ፣ "ሎሚ ዘየድልየካ ንብረትን ኣቕሓን እንተዝኢኻ፣ ብቐንኡ ኣብ ዕዳን ጥፈሻን ምስ ወደቕካ ዘድልየካ ዘጥረኻዮ ንብረት ክትሸይጥ ክትግደድ ኢኻ" ክብል ይመኽር። ስለዚ ሰባት ውዱን ምሕደራ ፋይናንስ ክመሃሩን፣ ገንዘቦም ብዘየገድስ ከመሓድሩን የድሊ።

ወልፍታት ብዘተፈላለየ መዓይት ኣብ ህይወት ብዙሓት ሰባት ብሓፈሻ፣ ኣብ ህጻናትን መንእሰያትን ድማ ብፍላይ ከቢድ መዛዘ ኣብ ምምጻእ ይርከብ። ብወልፍታት መስተ፣ ሽጋራ፣ ሓሽሽ፣ ቁማር፣ ኣልኮላዊ መስተ ዝተጠቕዐ ሰብ፣ ተስፋ ኣልቦ ብምኻን፣ ብርክት ዝበለ ማሕበራዊ፣ ቁጠባዊ፣ ስነ ኣእምሮኣዊ፣ ጥዕናዊ ጸገማት የጋጥሞ። ስለዚ ኣፍረይቲ ክፋል ሕብረተሰብ ዝኾኑ፣ ህጻናትን መንእሰያትን፣ ብወልፍታት ተጠቒዖም ጉዳይ ከይኮኑ፣ ወለዲ፣ ማሕበራዊ ትካላት ከም ቤት ትምህርታት፣ ሃይማኖታዊ ትካላት፣ ብሓፈሻ ድማ ኩሉ ኣባል ሕብረተሰብ ነዚ ኣብ ምውጋድ እጃሙ ከበርክት ትጽቢት ይግበር።





ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)

# “ኤርትራውያን ሃገራውያን ጥራይ ኣይኮኑን - ቅኑዓት፡ ባህላዊ መንነቶም ዝሓለዉ’ውን እዮም” - ኣምባሳደር ፐርሲቨራንስ ምቡዘሊ

ሚስተር ፐርሲቨራንስ ምቡዘሊ ኩምሻ፡ ኣምባሳደር ደቡብ ኣፍሪቃ ኣብ ኤርትራ ኮይኑ ንኣስታት 6 ዓመት ዘገልገለ ዲፕሎማሰኛ እዩ። ንሱ ኣብተን ኣብ ኤርትራ ዝጸንሓለን ዓመታት፡ ዲፕሎማሲያዊ ተልእኾኡ፡ ብዕምቈት ናይ ዕግበትን ሓድሕዳዊ ምክብባርን ክልቲኣን ሃገራት ዛዚሙ ክፋና ዝዳሎ ዘሎ ድማ እዩ። ኣምባሳደር ደቡብ ኣፍሪቃ ሚስተር ኩምሻ ኣብ ኤርትራ፡ ባህላውን ክልተኣውን ምትእስሳር ክልቲኣን ሃገራት ኣብ ምሕያል ኣተኩሩ ሰሪሑ። ቡቲ ኢጋጣሚ ንጽንዓት፡ ርእሰ-ምርኮሳ፡ ሃብታም ወርሻ ህዝቢ ኤርትራ ዓሚቝ ናእዳኡ ገሊጹ። ኣብዚ ናይ ስንብታ ናይ ስራሕ ግዜኡ፡ ኣብ ኤርትራ ዘሕለፎ ህይወትን ዘዋህለሎ ናይ ስራሕ ተመኩሮን፡ ርእይቶኡ ከካፍል ምስ ኤራ-ቲቪ ዘየደ ሰፊሕ ቃል መሕተት፡ ትርጉም ጽማቝ ትሕዝቶኡ ብቛንቋ እንግሊዝ ኣብ እትሕተም ጋዜጣ ኤሪትርያን ፕሮፋል (Eritrean Profile) ተኣንጊዱ ነይሩ።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ቀዳማይ ክፋል ናይቲ ተርጉምና ናባኹም ዘበልናዮ ጽሑፍ፡ ኣምባሳደር ኩምሻ፡ ኣምባሳደር ደቡብ ኣፍሪቃ ኣብ ኤርትራ፡ ንድሕሪ-ባይታ ክልተኣዊ ዝምድናታት ኤርትራን ደቡብ ኣፍሪቃን ተበጺሑ ዘሎ ምዕባለታት፣ ኣብ ኤርትራ ኣብ ዝጸናሓለን ዓመታት ልዕሊ ኹሉ ተመዝጊቦም ዝበለጹ ኣገደስቲ ምዕባለታት፣ ጓል ነፍስሄር ፕረዚደንት ደቡብ ኣፍሪቃ ነበር ኔልሰን ማንዴላ፡ ሚስ ናንዲ ማንዴላ፡ ኣብዚ ዝሓለፈ ቐረባ እዋን ኣብ ኤርትራ ኣብ ዘካየደቶ ናይ ምብጻሕ መደብ፡ ዕላማ ዑደታ ዝምልከት፡ ኣብ መንጎ ክልቲኣን ሃገራት ዘሎ ቀጠባዊ ምትሕግጋዝ ንምስፋሕ ተሰፋ ዝህቡ ዓውድታት፡ ኣብ መጻኢ (ኣብ ቀረባ እዋን) ንወፍሪን ምልውዋጥ ፍልጠትን ክህሉ ዝኽእል ጭቡጥ ዕድላትን ከምኡ እውን ምውህሃድ ክልቲኣን ሃገራት ኣብ ዞባዊን ኣህጉራዊን መድረኻት እንታይ ከም ዝመስል…፡ ዝቐረብሉ ሕቶታት ኣመልኪቱ ዝሃቦ ሰፊሕን ንጹርን መብርሂ ምቕራብና ይፍለጥ። መቐጸልታኡ፡ ካልኣይን መወዳእታን ክፋሉ ደስዑ።

• **ኣብ መንጎ ክልቲኣን ሃገራት ካብ መንግስቲ ምስ መንግስቲ ዝጸገር ርክብት ወጻኢ፡ ኣብ መንጎ ህዝቢ ክልቲኣን ሃገራት ዘሎ ምትእስሳር ከመይ ኣሎ፧ ዝያዳ ባህላዊ ምልውዋጥ፡ ትምህርቲ ኣካዳሚ ምትሕግጋዝ ወይ ስፖርታዊ ንጥፈታት ንምሕያል ክጠበር ዝኽእል ዕድላትከ ኣሎዶ፧**

ምናልባት ኣብዚ እዋንዚ፡ ኣብ ኤርትራ ብፍላይ፡ ማሕበራዊ ፍትሒ ኣብ ዜጋታት ንምንጋስ ጽኑዕ ዓውዲ ትምህርቲ ንምሕያል ዝዋለመ ዝቖደ ዘሎ መደብ፡ ኣዝዩ ጽቡቕ ይስጉም ኣሎ። ቅድሚ ክልተ ዓመት፡ ኣብ ኣህጉራዊ ሕግን ዝተፈላለዩ ናይ ሕጊ ዓውድታትን ናይ ማስተርስን ቀዳማይ ዲግሪን ትምህርቲ ንዝረኸቡ ሓያሎ ኤርትራውያን ደያኑ፡ ኣዝዩ ኣገዳሲን ፍሉይን ናይ ምረቓ ጽንብል ተኻይዱ ነይሩ። ካብዚ ተበጊሶ ፡ ድሮ ዓቢ ትርጉም ዘለዎ ነገር ይፍጸም ከም ዘሎ ድማ ንኣምን። ቡቲ ኣብዚ ክፋል ዓውዲ ትምህርቲ ዝመሰረትናዮ ነገር ድማ ኣዚና ኢና እንሕበን።



ብተመሳሳሊ መንገዲ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ዓውድታት ሕርሻ እውን ንተሓባበር ኣለና። መንግስትና ድማ ብዩኒቨርሲቲ ፕሪቶርያ ኣቢሉ ንኤርትራውያን ኣብ ውሕስነት መግቢ ዘተኮረ ዝለዓለ ትምህርቲ ክከታተሉ ዕድላት የጣጥሕ ኣሎ። ምስ ባሕሪ ዝተኣሳሰሩ ጉዳያት ብፍላይ ድማ ሰማያዊ ቁጠባ እውን ንተሓባበር ኣለና። ካብቲ ሚኒስትሪ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ሮድስ ስልጠና ዝወሰዱ ሳዕለምት ሓለፍቲ ኣለዉና። ብተወሳኺ፡ ኣብ መንጎ ክፍሊ ጉዳያት ከበቢና ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃን ሚኒስትሪ ሃብቲ ዓሳ ኤርትራን ተመኩሮ ናይ ምልውዋጥ ስራሕ ብቐጻሊ ይካየድ ኣሎ። በዚ ኣብልና፡ ብዝዕባ ባህርያዊ ድኹዒ (organic fertilizers) ብዙሕ ካብኣትኩም ክንመሃር ንጽዕር ኣለና። እዚ ድማ ኤርትራ፡ ምህዞን መሃዝትን ዓቢ ሰጉምቲ እተካይደሉ ዞባ ዓውዲ እዩ። ንሕና እውን ካብኡ ብዙሕ ክንመሃር ከም ዘለና ኢና ንኣምን።

ብተወሳኺ፡ ብመንገዲ ባህላዊ ምልውዋጥ ኣብልና ናይ ህዝቢ ምስ ህዝቢ ርክብት ከተዓብዮን ከስፍሕን ጸኒሕና ኢና። ኣብ ጽንብል መዓልቲ ናጽነት ኤርትራ ዝሓለፈ ዓመት፡ ካብ ደቡብ ኣፍሪቃ ናብ ኤርትራ ዝመጽኡት ጉጅለ ባህሊ ‘ኡሞጃ’ ምርኢት ኣቕሪባ ነይራ። ኣዝዩ ዘደንቕ ኣቀባብላ ድማ ተገይሩላ። ካብዚ ዝበለስ እታ ጉጅለ፡ ኣብ መንጎ ክልቲኣን ሃገራት ዝህሉ ባህላዊ ምልውዋጥን ምትእስሳርን ንምቕጻል፡ ኣቦላታ፡ ዳግም ናብ ኤርትራ ተመሊሶም ምስ ህዝቢ ኤርትራ ክራኸቡ ሃንቀው ይብሉ ኣለዉ። ብተመሳሳሊ፡ ኣብ ስፖርት ብፍላይ ድማ ኣብ ዓውዲ ብሽክለታ ክንተሓባበር ንጽዕር ኣለና። ኤርትራ ሃገር ብሽክለታ እያ። ንሕና እውን ከምኡ ኢና። እዚ ድማ ነቲ ኣብ መንጎ ህዝቢ ምስ ህዝቢ ክልቲኣን ሃገራት ዘሎ ሽርክነት ከተዓብዮ እንኽእል ካልእ መሳጢ ዓውዲ እዩ።

ካልእ፡ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ኣብ ንግዲ ዝጠንፉ ውሑዳት ዘይኮኑ ሓያሎ ኤርትራውያን ኣለዉ። ካብ ተመኩሮና ከም እንፈልጦ፡ እዞም ነጋዶ እዚኦም፡ ምስ ደቡብ ኣፍሪቃውያን ከመይ ገይሮም ከም ዘወሃህዱን ይፈልጡ እዮም። ምኽንያቱ ንኻልኦት ሕብረተሰብ ኣፍሪቃ ንምርዳእ ዘኽእል ድልዱል ማሕበራዊ መሰረት ስለ ዘለዎም። ምስ ኤርትራውያን ዝጋጠመና ምንም ዓይነት ኣሉታዊ ብድሆ የለን። ስለዚ በዚን ካልኦት ዝተፈላለዩ መንገድታትን ኣብልና ድማ ኣብቲ ህዝቢ ንህዝቢ ክልቲኣን ሃገራት ዝህልወና ርክብ ከሰሓይሽ ንኽእል ኢና።

• **ካብ ተመኩሮኻ እቲ ወጽኣተኛታት ብዘዘሐ ብጌጋ ዝርድእዎ ናይ ኤርትራ ዝዓበየ ነጥቢ እንታይ እዩ፧ ኣብ ኤርትራ ኣብ ዝጸናሕካለን ብፍላይ ብዛዕባ ሃገራዊ ናይ ልምዓት ፕሮጀክትታትን መንፈስ ህዝብን ቀሲመዎ እትብሎ እንተሎ በዚ ኣጋጣሚ ከተካፍለና፧**

ኣብዚ ነጥቢ’ዚ፡ እቲ ብቑዓምነትን እወታዊን ብዝለዓለ ክገልጽ ዝኽእል ነገር እንተሎ፡ ኤርትራውያን ዓሚቝ ሃገራዊ ፍቕሪ (patriotic) ዘለዎም ምዃኖም እዩ። ኣብዚ መዳይ ኤርትራውያን ሃገራውያን ጥራይ ኣይኮኑን፣ ቅኑዓት፡ ባህላዊ መንነቶም ዝሓለዉ (authentic) እውን ብምዃኖም ካብኦም ብዙሕ እየ ተማሂረ። ኣብ ኤርትራ ኣብ ዝጸናሕኩሉ ዓመታት፡ ምስ ዝተፈላለዩ ብዙሓት ክፍሊታት ሕብረተሰብ ኤርትራ (መንእሰያት፡ ተመሃሮ፡ ማሕበራት ደቀንስትዮ፡ ሰራሕተኛታትን ተጋደልቲ ነበርን) ሰፊሕ ርክብ’ዩ ነይሩኒ። እዚ ድማ ኤርትራ ከም ካልኣይቲ ዓደይ ክጽውዓ ካብ ዘኽእሉ ምኽንያት ሓደ ርቑሕ እዩ። ኤርትራ፡ ዘለዋ ክብርታት ምስ ናይ ደቡብ ኣፍሪቃ ኣዝዩ ተመሳሳሊ እዩ። ስለዚ፡ ካብዚ ብምብጋስ፡ “ብዛዕባ ኣብ ኤርትራ ሐዘዮ ዝኸይድ ራእይ ኣሎዶ፧” ንዝብል፡ ኣሎ እኳ ደኣ ውሑድ ዘይኮነ ብዙሕ። ግን ካብኡ፡ ኤርትራ ብሓባር ክንሰርሖ ዝጸበ ዘሎ ኽና ምስእ ብምስእ ዘይተመዛዘመ ሰፊሕ ዓቕሚ (massive potential) ኣለዋ። ካልእ፡ ንሚኒስተራት ሓዊሱ ምስ ላዕለዎት ሓለፍቲ መንግስቲ እውን ኣዝዩ ሰፊሕን ኩሉ መዳያዊን ርክብ ኣካይደ እየ። ብተመሳሳሊ፡ ህዝቢ ኤርትራ ንደቡብ ኣፍሪቃ ዓቢ ፍቕርን ኣድናቖትን ኣርእዩ እዩ። በዚን ካልኦት ብርክት ዝበሉ ምኽንያትን ደማሚርካ፡ ንሓባራዊ ዕላማታት ክልቲኣን ሃገራት ንምዕዋትን ናብ ዝለዓለ ደረጃ ክንዝርጽሕን ንኽእል ኢና ኢለ ድማ እኣምን።

• **ንህዝብን መንግስትን ኤርትራ እተመሓላልፎ ናይ መወዳእታ መልእኽቲ እንታይ’ዩ ክኸውን፧ ኣብ መጻኢ ዓመታት ንጉዕዞ ዝምድናታት ክልቲኣን መሓዙት ሃገራት ዘለካ ተስፋኸ እንታይ ይመስል፧**

ከምቲ ኣቐዲመ ዝበልክዎ፡ ናይ ምዕባለ፡ ልምዓትን ብልሒ ዝተመልአ ሽርክነትን ዕድላትን ኣብ መንጎ እዘን ሃገራትን ህዝብታትን ብሩህ እዩ። መልእኽተይ ንኤርትራውያን ሓጺርን ንጹርን እዩ፡ ንሱ ድማ፡ እትገብርዎ ዘለኹም ስራሕ ቀጽልዎ። ንሕና ካባኹም ንምሃር ኣለና። ሓሳባት እውን ንለዋወጥ ኣለና። ስለዚ ንድሕሪት ከይበልኩም ንቕድሚት ሰጉሙ። ናይ ጉዕዞ ርእስና ዘለና ብድሆታት ንፈልጥ ኢና። ነገር ግን፡ ብሓባር እንተ ሰሪሕና ክንስዕሮም ንኽእል ኢና።

ኤርትራውያን ብዛዕባ ሃገርኩም ኤርትራ ብዙሕ ክፈልጥ ዕድል ሂብኩምኒ ኢኹም። ቡቲ ዝፈጠርኩምለይ ዕድልን ባይታን ብዛዕባ ኤርትራን ህዝባን ናይ ዓወትን ዕግበትን ስምዒት ሓዘ እየ ናብ ዓደይ ዝምለስ ዘለኹ። ኣብ መጻኢ ብሓባር ክንገብሮ ዘለና ብዙሕ ነገር ኣሎ። እዚ ጉዕዞ እዚ ግን፡ ብሓባር ክንገብሮ ዘሎና ናይ ሓባር ሓላፍነት ምዃኑ እናፈለጥኩ ድማ እየ ዝኸይድ ዘለኹ። ደቡብ ኣፍሪቃ ምሳኹም ኣላ። እቲ ኣብ መንጎ ሃገራትና ማለት ኤርትራን ደቡብ ኣፍሪቃን ዘሎ ክልተኣዊ ዝምድናታት ድማ ናብ ዝበረኸ ጥርዚ’ምገባር፡ ንድሕሪት (ናብ ታሕቲ) ክምለስ ዘኽእል ኣይኮነን። እቲ ዘሎ ዓብዪ ሽርክነት፡ ብዘርሙ ናይ ዓወት ተኽእሎታት ህያው ኮይኑ ኣሎ። ኣብ መወዳእታ እቲ ልዑል ዝሕልፎ መልእኽቲ ድማ እዚ እዩ።



ኣምባሳደር ፐርሲቨራንስ ምቡዘሊ ኩምሻ

---

## ሎሚ ኣብ ERI-TV


| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | መደብ ቡያ |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ቁሸት ዞባ ጋሽ ባርካን ደቡባዊ ቀይሕ ባሕርን |
| 14:25 | ኮርፖረሽን ጥሪትን ዘራእትን |
| 14:55 | ሓፈሻዊ ብዛዕባ ፌስቲቫል (ብዓረብ) |
| 15:20 | ምህዞን ሰንዓን ኣብ ፌስቲቫል |
| 16:10 | መደብ ናትራን 1ይ ክፋል |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | መደብ ናትራን 2ይ ክፋል |
| 19:25 | ፊዮሪና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ዜና ስፖርት |
| 20:25 | ፊልም ገጽታ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም ፈንቅል |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 23:00 | እትመት |



# ምርኢት ፈስቲቫል 2026


## ቁሽት ዞባ ዓንሰባ












ዲዛይን - ታእዛዝ ኣብርሃ

ስእሊ-ሳልሕ ዓብደልቓድር

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሻምፕዮን ክለባት ኵዕሶ እግሪ ኤርትራ ክካየድ እዩ

ሻምፕዮን ኵዕሶ እግሪ ክለባት ኤርትራ ደቂ ተባዕትዮ፡ ዝመጽእ ወርሒ ኣብ ከተማ ከረን ክካየድ ምዃኑ ሃገራዊ ፌደረሽን ኵዕሶ እግሪ ሓቢሩ።

እዚ ውድድር፡ 12 ጋንታታት ሓዙ ዝሰላሰል ኮይኑ፡ ካብ ሽዱሽተአን ዞባታት ሻምፕዮን ዝኾና ክለባት፡ ቀይሕ ባሕሪ ናይ ዞባ ማእከል፡ ዓንሰባ ናይ ዞባ ዓንሰባ፡ ሰንዓፈ - ዞባ ደቡብ፡ ሰሚንቶ - ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ደንካልያ - ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ከምኡ'ውን ኣቑርደት ናይ ጋሽ ባርካ ብቀጥታ ሓሊፈን ኣለዋ።

ብዘይካ'ዚ፡ ካብዘን ንልዕሊ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ውድድር ዘሰላሰላ ዞባታት ማእከልን ዓንሰባን ካልኣይቲ ዝወጻ ክልተ ጋንታታት ደንደንን ኣልኣስርን ተወሲኸአን ይርከባ።

ዝተረፋ ኣርባዕተ ከኣ ብናይ ክልተ እግሪ መጻረዪ ጸወታ (Play-off) ክሓልፋ እየን።

በዚ መሰረት፡ ሰንበት 26 ሓምለ፡ ኣብ ከረን፡ ሳሳ ናይ ዓንሰባ ምስ ደቀምሓረ ናይ ዞባ ደቡብ፡ ኣል ሂላል ናይ ዓንሰባ ምስ ኣልታሕረር ናብ ማእከል፡ ከምኡ'ውን ኣብ ጊንዳዕ - ማይ ኣደከሞም ናይ ሰ/ቀ/ባሕሪ ምስ ኣዱሊስ ናይ ማእከል ናይ ቀዳማይ እግሪ ግጥመን ክካየዳ እየን። 2 ነሓሰ ከኣ ካልኣይ እግሪ ኣብ ኣስመራ ክጻወታ እየን።

ካብዘን ግጥማት ዝተዓወታ ሰለስተ ጋንታታት ክሓልፋ እንከለዋ፡ ሓንቲ ከኣ ብዕሚ ሰገራ ራብዐይተን ክትከውን እያ። ናብዘን ብቀጥታ ሓሊፈን ዘለዋ ጋንታታት ተደሚረን ከኣ 12 ጋንታታት ብምዃን ኣብ ምድብ ተኸፋፊለን ክጻወታ መደብ ወጺኡ ኣሎ።

እዚ ውድድር፡ ሰንበት 16 ነሓሰ ጀሚሩ፡ 6 መስከረም ክዛዘም እዩ ተመዲቡ ዘሎ።

## ሻምፕዮን ኵዕሶ መርበብ ዞባ ማእከል ናብ ምዝዛም የምርሕ

### ጋንታታት ሳልሳይ ዲቪዥዮን ሎሚ ናይ መዛዘሚ ጸወታ ክካይዳ እየን

ሻምፕዮን ኵዕሶ መርበብ ዞባ ማእከል፡ ብቐዳምን ሰንበትን ብናይ ክልተኡ ጾታ ግጥማት ኣብ ሜዳ ቦፍሬል ቀጺሉ።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ሳልሳይ ዲቪዥዮን ደቂ ኣንስትዮ፡ ዕዳጋ ሓሙስ ብደምበ ሰምበል 2-0 ክትሰዐር እንከላ፡ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ተደቢሳ ንጉዳ ጓዕዳድ 2-0 ኣፋንያታ።

ኣብ ጋንታታት ካልኣይ ዲቪዥዮን ደቂ ኣንስትዮ፡ ከይተሳዕረት ትግስግስ ዘላ ፈስቲቫል ንዲያእ 2-0 ክትስዕራ እንከላ፡ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ዕዳጋ ሓሙስ ንሕውትት ብጸቢብ 2-1 ሰዒራታ።

ብሰንበት ኣብ ዝበረ ግጥማት፡ ኣብ ሳልሳይ ዲቪዥዮን ደቂ ኣንስትዮ ዕዳጋ ሓሙስ ንማይ ተሰሩ ከምኡ'ውን ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ዓዲ ጓዕዳድ ንኣዱሊስ ብተመሳሳሊ 2-0 ሰዒረንአን።

በዚ ወጽኢት፡ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ጋንታ ዕዳጋ ሓሙስ፡ ብደቂ ተባዕትዮ ድማ ጋንታ ዓዲ ጓዕዳድ ኣብ ሳልሳይ ደረጃ ኣውሒሰን።

እዚ ውድድር ሎሚ ሓሙስ ካብ ሰዓት 8፡00 ቅድሚ ቀትሪ ኣትሒዙ፡ ጋንታታት ካልኣይ



ዲቪዥዮን ዲያእ ምስ ዕዳጋ ሓሙስ ብደቂ ኣንስትዮ፡ ደምበ ሰምበል ምስ ሕውትት ደቂ ተባዕትዮ ናይ ደረጃ ጸወታ ክካይዳ እየን። ኣብ ሳልሳይ ዲቪዥዮን ከኣ ደምበ ሰምበልን ኣዱሊስን ብደቂ ኣንስትዮ፡ ዕዳጋ ሓሙስን ደምበ ሰምበልን ብደቂ ተባዕትዮ ኣብ መዛዘሚ ጸወታ ክራኸባ ምዃነን ካብቲ ፌደረሽን ዝተረኸበ ሓበሬታ የረድእ።

## ፍሊፕሰን፡ ንመበል 17 መድረኽ ተዓዊቱላ

ተቐዳዳማይ ኣልፐሲን - ያስፐር ፍሊፕሰን፡ ንመበል 17 መድረኽ ዙር ፈረንሳ ብምስጢ ሸኢ ተዓዊቱሉ።

እዛ 174.7 ኪሎሜተር ዝሸፈነት መድረኽ፡ ወላ'ኳ ምስተን ናይ ጎላጉል መድረኽ እትምደብ እንተኾነት፡ ዝበራ ቅርጺ መሬት ግና፡ ንመጥቃዕቲ'ውን ምችእቲ ነይራ። ብፍላይ ንናይ ሸኢ ተቐዳደምቲ ሐዚም ኣብ መዛዘሚ ቦታ ክበጽሑ ዘይደልዩ ናይ መጥቃዕቲ ተቐዳደምቲ፡ ብኣጋኡ ኣብዚን ናይ ፈለማ ኩርባታት ዝዕብለሎ ቅርጺ መሬት፡ ሓያል መጥቃዕቲ ፈጺሞም፡ ነዛ መድረኽ ንናይ ሸኢ ተቐዳደምቲን ጋንታታቶምን ካብ ቀጸጸርም ወጺኢ ክገብሩዋ ክኢሎም እዮም።

ናይዛ መድረኽ ተረባሒ ዝኾነ ከኣ ቀጠልያ ማልያ ሐዙ ዘሎ ማድስ ፐደርሰን እዩ። እዚ ደኒማርካዊ፡ ምስተየም ዝቐልጠፉ ተቐዳደምቲ (ሸፕሪንተ) ዝገበር ናይ እኩባት ቅጸቢታዊ ውድድር (Bunch Sprint) ስለዘየርብሉ፡ ምስ ዝሰደመት ጉጅለ ተጓኢዙ ክዕወት እዩ ብኣጋኡ ሰሪሑ። ሓያል ጻዕሪ ገይሩ ቅድሚት ንዝበረት ጉጅለ ምስ ተሓወሳ ከኣ ኣብ 147.5 ኪሎሜተር ዝበረት ናይ መንጎ ጸወታ ቅጸቢታዊ ውድድር ተዓዊቱሉ፡ 25 ነጥቢ ከሰበ። ያስፐር ፍሊፕሰን፡ ድሕሪ ምስ ዝመጸት ጉጅለ ሻውዓይ ኣትዩ ትሽዓተ ነጥቢ ወሰዱ። ኣብ ቀጠልያ ማልያ ሳልሳይ ዘሎ ቢንያም ግርማይ ግና፡ ጉጅለታት ክመቓቐላ እንከለዋ ምስታ ዝደሓረት ጉጅለ ብምጽንሑ፡ ነጥቢ ኣይረኸበን።

ድሕሪ'ዛ ኢንተርሚደይት፡ ተቐዳዳማይ ሶዳል





ኩክ ስቴፕ - ያስፐር ስትቨን፡ መጥቃዕቲ ፈጺሙ ንበይኑ ተጓዒዙ፡ ክሳብ 35 ካልኢት ፍልልይ'ውን ኣብጺሕዎ ነይሩ። ድሕሪኡ ዝበረት ጉጅለ ግና፡ 3.8 ኪሎሜተር ምስ ተረፈ ኣርኪቢቶ።

ድሕሪ ተደጋጋሚ መጥቃዕቲን መልሰ መጥቃዕቲን ብሓባር ኣብ መዛዘሚ ኣብ ዝበጽሐሉ ከኣ ተቐዳዳማይ ኣልፐሲን - ያስፐር ፍሊፕሰን፡ ብሉጽ ምርሑት ካብ ማቲዩ ቫን ደር ፖል ረኺቡ፡ ብሰፊሕ ፍልልይ ብሸኢ ቀዳማይ ኣትዩ። ፋልመይቲ ናይ መድረኽ ዓወት ናይዚ ውድድር ድማ፡ ኣብ ሳልሳይ ሰሙን ረኺብዋ። ኣብል ጃይኮ ኣልዑላ ማውሮ ሽሚድን ተቐዳዳማይ ደካትሎን ኦላፍ ኮይን፡ ወዲ ጋንታኡ ንቢንያም - ስዊስ ኣሽኪዩ፡ ካብ ካልኣይ ክሳብ ራብዓይ ኣትዮም - ብተመሳሳሊ 3 ሰዓት፡ 41ን ደቒቕን 13 ካልኢትን።

ኣብዛ መድረኽ ድምር 59 ነጥቢ ዝሸሰበ ፍሊፕሰን፡ ናይ ቀጠልያ ማልያ ነጥቡ ናብ 445 ክብ ኣቢልዎ ኣሎ። ምስ መራሒ ዘሎ ማድስ ፐደርሰን ዘለዎ ፍልልይ ከኣ ናብ ሽውዓተ ነጥቢ ኣውሪድዎ ኣሎ።

ፐደርሰን ወላ'ኳ ኣብ ኢንተርሚደይት 25 ነጥቢ እንተረኸበ፡ ኣብ መዛዘሚ ግና፡ ሻሙናይ ብምእታው፡ ፍሊፕሰን ከሰቡሉ እዩ።

ቢንያም ግርማይ፡ ትማሊ ብኣጋኡ ብምቕራጹ፡ ዝኾነ ነጥቢ ኣይረኸበን፡ መበል 91 ኣትዩ። ነጥቡ ከኣ ኣብ ዘለዎ 361 ኣሎ።

ኣብ ዝተረፉ ማልያታት ለውጢ የለን፡ ፖጋቻ ንብጫን ማልያ ኣጽዩሶ ዓቒቡ፡ ደል ቶሮ ከኣ ንናይ መንእሰያት ሐዚሙን ኣሎ።

እዚ ውድድር፡ ሎሚ ንናይ ዓቕብ ተቐዳደምቲ ብእትምእምእ መበል 18 መድረኽ ክቕጽል እዩ።

## ሞትሰፐ፡ ብዛዕባ ዋንጫ ኣፍሪቃ 2025 . . .

ፕረዚደንት ኮንፌደረሽን ኵዕሶ እግሪ ኣፍሪቃ (ካፍ) - ፓትሪስ ሞትሰፐ፡ ዕውትቲ ዋንጫ ኣፍሪቃ 2025 ሴኔጋል ድያ ወይስ ሞሮኮ ንምፍላጥ፡ ውሳኔ ናይ ቤት ፍርዲ ዳኛት ስፖርት ይጸበዩ ምህላዎም ኣፍሊጡ።

ዝሓለፈ ወርሒ ጥሪ ኣብ ሞሮኮ ዝተኻየደ ዋጫ ኣፍሪቃ 2025፡ ኣብ መዛዘሚ ጸወታ ሴኔጋልን ሞሮኮን ምርኻበን ይዝከር። ሞሮኮ፡ ኣብ ተወሳኺ ደቒቕ ፍጻም ቅላዕ ምስ ተዋህበ፡ ብውሳኔ ዳኛ ዘይተሓጐሱ ተጻወትቲን ኣባላትን ሴኔጋል፡ ሜዳ ገዲፎም ምውጻኦም ይዝከር። ሰሪዚ፡ እቲ ጸወታ ንኣስታት 20 ደቓይቕ ደው ኣብ ዝበለሉ፡ ሴኔጋላውያን በቲ ኣብ ሜዳ ተሪፉ ዝበረ ሳድዮ ማነ ተደፋፊኦም ናብ





ሜዳ ምምላሶም ይዝከር። ነታ ፍጹም ቅላዕ ሓላፍነት ዝወሰደላ ሞሮኮ - ብራሂም ዲያዝ ኣጥቃዓይ ግና፡ ከመዝግቦ ኣይከኣለን። ጸወታ ናብ ተወሳኺ 30 ደቓይቕ ቀጺሉ። ኣከፋፋሊ ሴኔጋል ፓፐ ገየ ብዘመዝገቦ ሽቶ ከኣ ሴኔጋል ሻምፕዮን ጸዋእ ኣፍሪቃ ኣልዒላ ነይራ።

ይኹን እምበር፡ ካፍ፡ ድሕሪ ክልተ ኣዋርሕ ናይዚ ኣዛራቢ ፍጻመ፡ ሴኔጋላውያን ሜዳ ገዲፎም ብምውጻኦም፡ ሕጊ ኵዕሶ እግሪ ከምዘጣሓሱ ብምግላጽ፡ ሞሮኮ፡ ብፎርፈይት 3-0 ከምዝተዓወተት ኣፍሊጡ። ሴኔጋል፡ ዋንጫ ንሞሮኮ ክትህባ'ውን ሓቢሩ። ተወሳኺ ኣዛራቢ ዛዕባ'ውን ከፊቱ።

እንተ ነዚ ዋንጫ ከምዘይመልሳ ዝሓበረ ፌደረሽን ኵዕሶ እግሪ ሴኔጋል፡ እዚ ውሳኔ ዳሞጋይ ናብ ንብር ከምለሱ ናብ ቤት ፍርዲ ዳኛት ስፖርት ሓቲቱ ነይሩ።

ሞትሰፐ ድማ፡ ትማሊ ኣብ ዝበሮ ጋዜጣዊ መግለጺ፡ ብዛዕባ'ዚ መዕለቢ ዘይረኸበ ንምስሊ ኵዕሶ እግሪ ኣፍሪቃ ደዊኑ ዝርከብ ፍጻመ ኣብ ዝተሓተተሉ፡ "ብዛዕባ ናይ ፍጻመ ጸወታ ዋንጫ ኣፍሪቃ 2025፡ ናይ መወዳእታ ውሳኔ ቤት ፍርዲ ዳኛት ስፖርት ኢና ንጽበ ዘለና። ኩሉ ካብ ኢድና ወጻኢ እዩ ዘሎ።" ክብል፡ ብውሳኔ ናይቲ ቤት ፍርዲ፡ ሞሮኮ ወይ ሴኔጋል ዕውትቲ ምዃና ንምፍላጥ ይጸበዩ ምህላዎም ሓቢሩ።

## ፎደን፡ ውዕሉ ኣናዊሑ

ሓደ ካብ ኣገደስቲ ተጻወትቲ ማን ሲቲ ዝኾነ ፊል ፎደን፡ ክሳብ ሰነ 2030 ዘጽንሖ ሓዲሽ ውዕል ፈሪሙ።

እዚ ወዲ 26 ዓመት ኣከፋፋሊ፡ ዝበሮ ውዕል ዝመጽእ ክረምቲ (ሰነ 2027) እዩ ዘብቅዕ ነይሩ። ንዝቐጽሉ ዓመታት ኣብዛ እንግሊዛዊት ክሉብ ክጸንሕ ብምውሳኑ ከኣ ክሳብ 2030 ኣናዊሕዎ ኣሎ።

ማን ሲቲ፡ ን10 ዓመታት ዝዓለማ ፐፕ ጓርድዮላ ምስ ምዝዛም'ዚ ዝሓለፈ ወቕቲ ከምዝገደፋ ይዝከር። ኣብ 2022-23 ኣብዛ ጋንታ ተሓጊጋዚ ጓርድዮላ ዝበረ ኢንዞ ማረስካ ድማ ዚ ዓቢ ሓላፍነት ተቐቢልዎ ኣሎ።

ካብ ወዲ 17 ዓመት ጀሚሩ ብጓርድዮላ ተመሪጹ ነዛ ጋንታ ክውክል ዝጀመረ ፎደን ምስዚ ኢጣልያዊ ዓላሚ ኣቓዲሙ ይፋለጥ እዩ። ኣብ ትሕተኡ ክሰርሕ ተዋሂኹ ብምህላዉ ከኣ ገሊጹ።

## ቫን በመል፡ ኣሰልጣኒ ቤልጅዩም ኮይኑ

ናይ ቅድም ሆላንዳዊ ተጻዋታይ - ቫን ቦመል፡ ሓዲሽ ኣሰልጣኒ ሃገራዊት ጋንታ ቤልጅዩም ምዃኑ ተሓቢሩ።

ቤልጅዩም፡ ምስ ኣሰልጣኒኣ - ሩዲ ጋርሺያ፡ ድሕሪ ኣብ ዋንጫ ዓለም 2026





ካብ ርብዒ ፍጻመ ምእሊያ ተፈላልያ እያ። ነዚ መዘኩት ዝሕዞ ዓላሚ ሃሰው ክትብል ድሕሪ ምጽናሕ ከኣ ንቫን ቦመል ኣረኪባቶ ኣላ።

ኣብ ሰነ 2018 ንፒኤስቪ ብምዕላም ናይ ምስልጣን ጉዕዙኡ ዝጀመረ ቫን ቦመል፡ ነዛ ኤውሮጳዊት ጋንታ፡ ክሳብ 2028 ክዕልማ እዩ። ቀንዲ ዕላማኣ ከኣ ዋንጫ ኤውሮጳ 2028 እዩ።

ኣብዚ እዋን 49 ዓመት ገይሩ ዘሎ ቦመል፡ ኣብ ኤውሮጳ ምስ ዓበይቲ ክለባት ባርሴሎና፡ ባየር ሙኒክን ኤሲ ሚላንን ምጽዋቱ ይዝከር።

## "ኢንፋንቲኖ፡ ክወርድ ኣለዎ" ተባስ

ፕረዚደንት ኵዕሶ እግሪ ላ'ሊጋ - ጃቪር ተባስ፡ 'ንኢንዳስትሪ ኵዕሶ እግሪ ዓለም የዕንዎ ኣሎ' ንዝበሎ ፕረዚደንት ኵዕሶ እግሪ ዓለም ማለት ፊፋ ዝኾነ - ጃኒ ኢንፋንቲኖ፡ ካብ ስልጣኑ ዝወርደሉ እዋን ምዃኑ ተዛሪቡ።

ፊፋ፡ ኣብ ዋንጫ ዓለም ዝተኣታተዎ ናይ ማይ ምስታይ እዋን (hydration break)፡ ኣብ ዕረፍቲ ናይ ፍጻመ ጸወታ ዝበረ መዚቃዊ ምርኢት፡ ምድምሳስ ቀይሕ ካርድ ኣጥቃዓይ ኣመሪካ ፍሎሪያን ባሎጉን ከምኡ'ውን ኣብ ዝመጽእ ዋንጫ ዓለም ተሳተፍቲ ሃገራት ካብ 48 ናብ 64 ክብ ንምባል ዘቕረቦ ሓሳባት ዝተቓወሞን ዝቐፈን - ተባስ፡ "ከም ሓሳበይ ኢንፋንቲኖ ግዚኡ ኣኺሉ እዩ።" ክብል ክወርድ ጸዊዑ።

ይኹን እምበር፡ ተባስ ወዲ 56 ዓመት ኢንፋንቲኖ፡ ደገፍ ሃገራውያን ፌደረሽናት ስለዘለዎ፡ ክወርድ ዘለዎ ተኽእሎ ውሑድ ምዃኑ ብምግላጽ፡ "ስርዓት ምርጫ ፊፋ ኣብ ሕመረቱ ዝበሰበሰ እዩ" ክብል ነቒፉዎ።

ኣብቲ ብዙሕ ኣካታዒ ፍጻመታት ዝሰዓቦ ዝሓለፈ ናይ 2026 ዋንጫ ዓለም፡ ብዙሓት ወገናት ንተግባራት ፊፋን ኢንፋንቲኖን ክቃወምዎ ተሰሚዖም እዮም - እንተላይ ማሕበር ኵዕሶ እግሪ ኤውሮጳ ማለት ዩኤፋ። ፕረዚደንት ናይዚ ማሕበር - ኣሌክሳንደር ሰፈሪን ከኣ ከም መርኣያ ተቓውሞኡ፡ ኣብቲ ስጳኛን ኣርጀንቲናን ዝተራኸባሉ ናይ ፍጻመ ጸወታ ናይቲ ውድድር ኣይተሳተፈን።

ብተወሳኺ፡ ክርስቲያኖ ሮናልዶ ከኣ ሓንቲ ስጳኛዊት ጋዜጠኛ፡ "ፊፋ ኣብዚ ፕላኔት ካብ ዘለዉ ብልሹዋት ውድባት ሓደ እዩ። ኣርጀንቲና፡ ቅድሚ ሓሙሽተ ግጥማት ካብ ዋንጫ ዓለም ክትእለ ይግባእ ነይሩ። እንተዀነ ከምቲ ኣብ 2022 ዋንጫ ዓለም ንሜሲ ዘዐወትዎ፡ ኣብዚ ናይ 2026 እውን ከዐውትዎ ስለዝደለዩ ኣብ ፍጻመ ኣብጺሖሞ።" ክትብል ንዝጸሓፈቶ ዜና፡ ናይ ደገፍ (Like) ምልክት ብምጥዋቑ፡ ነዚ ፌደረሽን ከምዝቃወም ብተዘዋዋሪ ገሊጹ።

# ዜና ዓለም

ሸዊት ተኽለ

## ሚ/ጉ/ወ ሩስያ ምስ ኣመሪካዊ መዘናኡ ክዝቲ እዩ

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሩስያ ሰርጌይ ላቭሮቭ፡ ሎሚ ሓሙስ ኣብ ማኒላ - ፊሊፒንስ ምስ ጸሓፊ ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ማርኮ ሩብዮ ብምርኻቡ፡ ኣብ ኲናት ዩክሬን ማእከላይ ምብራቕን ዘተኰረ ዝርርብ ከም ዘካይድ ገለጸ።

ላቭሮቭ ትማሊ ረቡዕ ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ "እቲ ዝርርብ ኣብ ትሕተ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ጠቓሚ ክኸውን'ዩ። ሕቶታት ምሕታትን መልሲ ምርካብን ድማ ጸቡቕ'ዩ" ክብል ሓቢሩ።

ርክብ ክልቲኦም ሰብ ስልጣን፡ ጎድኒ ጎድኒ'ቲ ኣብ ማኒላ ዝካየድ ዋዕላ ሚኒስተራት ጉዳያት ወጻኢ ሃገራት ደቡባዊ ምብራቕ ኤሲያ እዩ ክካየድ።

ኣመሪካ ኣተኲሮኣ ናብ ማእከላይ ምብራቕ ገይራ ኣብ ዘላትሉ እዋን፡ ኣብ ዩክሬን ዝካየድ ዘሎ ኲናት ንምብቃዕ ብመንጎኛነት ኣመሪካ ዝካየድ ዝነበረ ዝርርብ ሰላም ደው ኢሉ ከም ዘሎ ይፍለጥ።

ሩብዮ ብወገኑ፡ ኣብ ዩክሬን ዝቕጸል ዘሎ ኲናት፡ ሩስያን ኣመሪካን ካብ ዩክሬን ወጻኢ ኣብ ካልእ ኣርእስትታት ንኸይሰማምዓን ከይተኣማመናን ዓንቃፊ ኰይኑ ከም ዘሎ ሓቢሩ።



እንተኾነ፡ ኣመሪካ ነቲ ኲናት ኣብ መወዳእታ ንምብጻሕ ሃናጺ ተራ ክትጻወት ድልውቲ ኮይና ትቕጽል ከም ዘላ፡ ሩብዮ ኣረዲኡ።

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ነቲ ዩክሬን ናይ ነዊሕ ርሕቀት ድሮናት ተጠቒማ ኣብ ልዕሊ ትካላት ጸዓት ሩስያ እትፍጽሞ ዘላ መጥቃዕቲ፡ እቲ ኲናት ናብ መወዳእታ ምዕራፉ ከበጽሕ ዘኽእል ምዕባለ ከም ዝኾነ እዩ ክገልጽ ጸኒሑ።

እቲ መጥቃዕቲታት፡ ኣብ ሓንቲ ካብ'ተን ላዕለዎት ኣፍረይቲ ነዳዲ ዓለም ዝኾነት ሩስያ ሕጽረት ነዳዲ ኣስዒቡ ከም ዘሎ'ውን ይሕበር።

## ኣመሪካ፡ ኣብ ኲናት ኢራን 37.5 ቢልዮን ዶላር ኣባኺና

ኣመሪካ፡ ኣብ ልዕሊ ኢራን ንእተካየዶ ዘላ መጥቃዕቲ፡ ክሳብ ሕጂ 37.5 ቢልዮን ዶላር ዝግመት ወጻኢታት ከም ዝገበረትሉ፡ ጸሓፊ ክፍሊ ምክልኻል ኣመሪካ ፒት ሄግሰት ትማሊ ሰሉስ ገለጸ።

ሄግሰት፡ ኣብ ዋሽንግተን ንኣባላት ባይቶ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ እቲ 37.5 ቢልዮን ዶላር፡ ንዝተወሰነ መዓልታት ናይቲ ኲናት፡ ከምኡ'ውን ክሳብ 30 መስከረም ክህሉ ትጽቢት ንዝግበረሉ ወጻኢታት ዘጠቓልል ምዃኑ ገለጸ።

ሓደ ብዓል ስልጣን ኣመሪካ ዝሓለፈ መጋቢት ንሮይተርስ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡



ምምሕዳር ትራምፕ ኣብ'ተን ቀዳሞት ሸዱሽተ መዓልታት ናይ'ቲ ኲናት ብውሑዱ 11.3 ቢልዮን ዶላር ወጻኢታት ከም ዝገበረ ኣሚቱ ነይሩ።

ትራምፕ፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ፡ ንታሕተዋይ ባይቶ ሃገሩ ኣስታት 90 ቢልዮን ዶላር ተወሳኺ ወተሃደራዊ ባጀት ክፍቀደሉ ምሕታቱ ዝዝከር እዩ።

ኣመሪካን እስራኤልን ብ28 ለካቲት ኣብ ልዕሊ ኢራን ኲናት ካብ ዝኸፍታ ንደሓር፡ ሰልፈታት ሪፓብሊካንን ዲሞክራትስን ካብ ትራምፕን ጉጅለኡን ብዛዕባ እቲ ኲናት ይኹን መደባቱ ዝኾነ ሓበሬታ ከም ዘይተዋህቦም እዮም ዝሕተቱ።

እቲ ኲናት፡ ነቲ ኣስታት ሓደ ትሪልዮን ዶላር ዝግመት ዓመታዊ ባጀት ምክልኻል ፔንታጎን ከቢድ ሃስያ ኣውሪዱሉ ከም ዘሎ ክፍለጥ ተኻኢሉ'ሎ።

በዚ ድማ፡ ሄግሰት ተወሳኺ ሕቶ ምወላ ጥራይ ዘይኮነስ፡ እንተላይ ን2027 ዝኸውን ናይ 1.5 ትሪልዮን ዶላር ሕቶ ባጀት ናብ ባይቶ ኣቕሪቡ ኣሎ።

## ኣመሪካ፡ ስዑዲ ዓረብ ዩራንየም ከተፍሪ ኣፍቂዳ

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ስዑዲ ዓረብ፡ ኣብ ሲቪላዊ መዓላ ዝውዕል ዩራንዩም ናይ ምፍራይ ዓቕሚ ዘሁብትም ኒውክለያዊ ፕሮግራም ክትጅምር ፍቓድ ከም ዝሃባ፡ ክልተ ምስ'ቲ ጉዳይ ቅርበት ዘለዎም ምንጪታት ሓቢሮም።

ብዛዕባ እቲ ኻ ብወግዒ ዘይተገልጸ ውሳነ ብዝገልጹ ርእይቶ ክህብ ስልጣን ዘተዋህቦ ኣካል እኳ እንተ ዘየሎ፡ እቲ ስምምዕ ግን ኣብ ቀረባ መዓልታት ክግለጽ ትጽቢት ከም ዘሎ ተገሊጹ።

እቲ ን30 ዓመታት ክጸንሕ ትጽቢት ዝግበረሉ ስምምዕ ትካላት ኣመሪካ ኣብ ምምዕባል ናይቲ መደብ እውን ክሳተፋ ትጽቢት ይግበር።

ድሕሪ ሓበራዊ መጽናዕቲ ኣመሪካን ስዑዲ ዓረብን ድማ፡ ብመሰረት'ቲ ስምምዕ ኣብ ስዑዲ ዓረብ ትካል መሀብተሚ ዩራንዩም ክህነጽ ከም ዝኾነ ተሓቢሩ።

እቲ ንኽየጽድቖ ናብ ባይቶ ኣመሪካ (ኮንግረስ) ክቐርብ ትጽቢት ዝግበረሉ ስምምዕ፡ ስዑዳውያን ንነዊሕ እዋን ናይ ገዛእ ርእሶም ዩራንዩም ንምህብታም ዝነበሮም ድሌት ንኽፍጽሙ ዝሕግዘ ብምዃኑ፡ ኣብቲ ዞባ ሓድሽ ዘርያታት ኒውክለያዊ ምስፍሕፋሕን ውድድርን ክኸፍት እዩ ዝብል ስግኣት ብዝለዎም ኣባላት ባይቶ ዛጊት ተቓውሞ ከም ዘይረኸበ እዩ ዝሕበር።

ስዑዲ ዓረብ ኣባል ናይቲ ኣብ ቪየና - ኣውስትርያ ዝመደበሩ ሰላማዊ ኒውክለያዊ ንጥፈታት ዘተባብዕ ኣህጉራዊ ትካል ኣቶማዊ ጸዓት ምዃና ይፍለጥ።



## ኢጣልያ - ብቕትለት ሓደ ሞሮካዊ ናዕቢ ተላዒሉ

ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ከተማ ቦሎኛ፡ ሓደ ተወላዲ ሞሮኮ ብፖሊስ ድሕሪ ምቕታሉ፡ ኣብ'ታ ሃገር ናዕቢ ተላዒሉ ከም ዘሎ ተሓቢሩ።

ኣብ ሞሮኮ ዝተወልደን ኣብ ኢጣልያ ንጥፈታት ንግዲ ዘካይድን ዝነበረ 42 ዓመት ዝዕድሜኡ ዓብደራሓም ፋኪር፡ ሓደ ሰብኣይ ኀጺን ዝመስል ባሀሪ ብምፍጻም ኣብ ተሽከርካሪት ሓደጋ ከም ዘውረደ ዝገልጽ ጸብጻባት ንምጽራይ ብፖሊስ ምስ ተጸውዐ ከም ዝተቐትለ ማዕከናት ዜና ናይታ ሃገር ሓቢረን።

ብፖሊስ ተኣሲሩ እንከሎ ሓጊዙ እናሓተተ ዝተቐትለ ፋኪር፡ ኣእዳዉ ተኣሲሩ ብገጹ ኣብ መሬት ደቂሱ እንከሎ፡ ብተደጋጋሚ ሓገዝ እናሓተተ ዘርኢ ተንቀሳቓሲ ምስሊ ብኸረቤቱ ከም ዝተቓድሐ እዩ ዝሕበር ዘሎ።

በዚ ድማ ትማሊ ሰሉስ ምሸት ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ሰልፈኛታት፡ "ፍትሕን ሓቅን ንፋኪር" ኢሎም እናጨርሑ ተቓውሞኦም ኣሰሚዖም።




ድሒሩ ድማ፡ ሓደ ንእሹቶ ጉጅለ ሰልፈኛታት ምስ ፖሊስ ከም ዝተጋጨወን 64 ኣባላት ፖሊስ ከም ዝቘሰሉን ኣኸባሪቲ ሕጊ ገሊጾም።

ቀዳመይቲ ሚኒስተር ኢጣልያ ጆርጅያ ሜሎኒ፡ ሞት ፋኪር ብዕቱብ ክምርመር ድሕሪ ምጽዋዕ፡ "ኣብ ልዕሊ ኣኸበርቲ ሕጊ ዝፍጸም ኀጺን ግን ምኽንያታዊ ኣይኮነን" ክትብል ንሰልፈኛታት ኣጠንቂቓ።

እዚ ፖለቲካዊ ምትህልላኽ ፈጢሩ ዘሎ ፍጻመ፡ ኣብ ልዕሊ ስደተኛታት ናይ ጽልኢ ሃዋህው ይፈጥር ከም ዘሎ፡ ተቓወምቲ ውድባት መንግስቲ ናይ'ታ ሃገር ይኸሱ ኣለዉ።

እቲ ጉዳይ፡ "ኣብ ፖሊስ ኢጣልያ ዓሌታዊ ኣድልዎ ይፍጸም ኣሎ" ዝብል ክሰታት ንምጽራይ እውን ምኽንያት ኰይኑ ከም ዘሎ ተሓቢሩ።

እዚ ኣብ ኢጣልያ ዝተፈጸመ ቅትለት፡ ምስ ሞት ናይ'ቲ ኣብ 2020 ብኣመሪካዊ ፖሊስ ዝተቐትለ ጆርጅ ፍሎይድ ተመሳሲሉ ይቐርብ ከም ዘሎ እዩ ዝግለጽ።

## ቬነዙዌላ - ብሃንታቫይረስ ሰለስተ ሰባት ሞይቶም

ሚኒስትሪ ጥዕና ቬንዙዌላ፡ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ግዝኣት ኣንዞኣተጉይ ብ 'ሃንታቫይረስ' ሰለስተ ሰባት ከም ዝሞቱ ኣረጋጊጹ።

ይኹን'ምበር፡ እቲ ቫይረስ ኣብ'ታ ሃገር ካብ ሰብ ናብ ሰብ ናይ ምትሕልላፍ ዓቕሚ ከም ዘለዎ ዘርኢ መርትዖታት ከም ዘየለ ኣረዲኡ።

እቲ ሚኒስትሪ ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ፡ "ኣብ ኣንዞኣተጉይ ብሕማም ሃንታቫይረስ ሞት ናይ ሰለስተ ሰባት ኣጋጢሙ ኣሎ። እንተኾነ፡ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ዝመሓላለፈሉ ሳይንሳዊ መርትዖ የለን" ክብል ሓቢሩ።

ሃንታቫይረስ፡ ብሽንትን ምራቕን ናይ ከም ኣናጹን ምንጹጻላይን ዝኣመሰላ እንስሳታት ከም ዝመሓላለፍ፡ እቲ ሚኒስትሪ ወሲኹ ኣመልኪቱ።

እቲ ሚኒስትሪ ኣብ መወዳእታ፡ ሞት ናይቶም ግዳያት ምስ'ቶም ኣብ ቀረባ እዋን ኣብ ደቡባዊ ምዕራብ ግዝኣት ባሪናስ ዝሞቱ ክልተ ሰራሕተኛታት ክዝክበን ጥዕና ዘይተኣሳሰር ምዃኑን ጠንቁ ድማ ክሳብ ሕጂ ከም ዘይተፈለጠ ገሊጹ።





| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ደንደን | 23/07/2026 | ጎደና -117-15፡ ቁ.11፡ ጥቓ ሼል ዑቕባ ሃይለ | 121140 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services